# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.208 | ዓርቢ 1 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ማሊ፣ ኣብ ሓደገኛ ጸጥታዊ...



ገጽ 4 ቆርበትና ዋሕስ ጥዕናና



ገጽ 5 ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኺላ...



ገጽ 7 ምልክታ


# ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ጥሕሰት ኣዋጅ መሬት ንምግታእ ክሰራሕ ጸዊዑ





ጥሕሰት ኣዋጅ መዓላን ተጠቃምነትን መሬት ንኽናገታእ፡ ወከልቲ ህዝብን ኣካላት መንግስትን ብዝለብለኦም ብዕቱብ ክሰርሑ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ምስ ወከልቲ ህዝቢ፡ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ከተማ ባረንቱ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ጸዊዑ።

ብ28 ሚያዝያ ኣብ ዝገበሮ ኣኼባ፡ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ እቲ ዕላማ - ብፍላጥ ኮነ ብዘይፍላጥ ኣብ መስርሕ ዕደላን መዓላን ንመዝገርን ትካላትን ዝዕደል መሬት ዝርአ ጉድለታት ብምእራም፡ ኣብ ኣዋጃትን መምርሒታትን መዓላ መሬት ዝምርኮሰ መድረኻዊ ፍታሕ ንምግባርን ዕቱብ ቁጽጽር ንምኽያድን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ዘይሕጋዊ ተግባራት ንምግታእ ብንቕሓት ክዋስኡ ኣተሓሳሰበ።

ሽግር መንበሪ ኣብያተ ንምቕላል ብበእዋኑ ከፊላዊ ስጉምቲ ክውሰድ'ኳ እንተጸንሐ፡ ብፍላይ ኣብ ከተማታት ባረንቱ፡ ተሰኒየን ኣቑርደትን ዛጊት መሊኦም ዘይተፈትሑ ሕጽረታት ከምዘለዉ፣ መሰረታዊ ፍታሕ ንምምጻእ ድማ ብመንግስቲ ዝትግበሩ መደባት ተታሒዞም ምህላዎም ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ መሬት ብኢደ-ወነንካ ምሓዝ፣ ብዘይ ኣፍልጦ ምምሕዳራትን ሕጋዊ መስርሒ ፍቓድን ምህናጽ፣ ከምኡ'ውን ዘይሕጋዊ መሸጣ መሬት ኀሊፉም ካብ ዝርአዩ ጥሕሰታት ምዃኖም ብምግላጽ፣ ንምእራሞም ብውህደት ክስራሕ፣ ዜጋታት ድማ ካብ ዘይሕጋዊ ተግባራት ክቖጠቡ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጠንቂ ጥሕሰት ኣዋጃትን መምርሒታትን መዓላ መሬት ምድንጓይ ዕደላ መሬት ስለዝኾነ፡ ኣብ ደቂቕ መጽናዕቲ ዝተመርኮሰ ዕቱብ ቁጽጽር ዝገበረሉ ዕደላን ህንጸት ኣብያትን ክጅመር፣ ኣዋጅ መሬት ንዝጥሕሱ ኣራሚ ስጉምቲ ክውሰደሎም፣ ሓላፊ ዝርአ ንዘይሕጋዊ ዋንነት ዘተባብዕ ተግባራት ድማ ክእረም ብምትሕስሳብ፡ ኣብ ምቁጽጻር ዘይሕጋዊ ተግባራት ብዕቱብ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ኣቶ ተስፋኣለም ባህታ፡ ምስ ጉዳይ መሬት ተተሓሒዞም ካብ ህዝቢ ዝቐረቡ ጠለባት ብዙሓት፣ ዛጊት ተተግቢሮም ዘለዉ ድማ ውሑዳት ምዃኖም ብምሕባር፡ ወሃድ ስራሕን ዕቱብ ቁጽጽርን ዝጠልቡ መደባት ክትግበሩ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ታሕተዋይ ጽፍሒ ምምሕዳርን ውዳበታት ግንባርን ዝጥርፉ ኣካላት መንግስትን ወከልቲ ህዝብን ብንቕሓት ክዋስኡ ተላቢዩ።

# ጨንፈር ሃማደኤ ስካንዲናቪያ ጉባኤታት ኣቃኒዑ



ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያ ማለት ዴንማርክ፡ ሽወደንን ፊንላንድን ብበሃገሩ ጉባኤታት ንኡስ ጨናፍር ኣቃኒዑ።

በዚ መሰረት፡ ንኡስ ጨንፈር ዴንማርክ ብ18 ሚያዝያ ኣብ ኮፐንሃገን ኣብ ዘካየዶ 3ይ ጉባኤ፡ ሓያል ውዳበ ብምፍጣር ተሳታፍነት ኣባላት ኣብ ሃገራዊ መደባት ንምዕዛዝ ብዘተኻየደ ጻዕሪ፡ ድልዱል መሰረት ተሃኒጹ ምህላዉ ክግለጽ ከሎ፡ ሓዱሽ ኣካያዲት ኣካል ተመሪጹ።

ሃማደኤ ንኡስ ጨንፈር ሽወደን ብ25 ሚያዝያ ኣብ ከተማ ኡፕሳላ ኣብ ዘቃነዮ 5ይ ጉባኤኡ ድማ፡ እቲ ጨንፈር - ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራዊ መደባት ሓያል ኣበርክቶ ዝገበረ፣ ከምኡ'ውን ነዊሕ ሰረትን ውፉያት ኣባላትን ዘለውኦ ኣብነታዊ ኤርትራዊ ውዳበ ከምዝኾነ ተሓቢሩ።

ኣብ ፊንላንድ ድማ፡ ንፈለማ ግዜ ንኡስ ጨንፈር ሃማደኤ ተመስሪቱን ሓዱሽ ኣካያዲት ኣካል ተመሪጹን።

ኣብ'ቲ ኣደ-መንበር ሃማደኤ ዞባ ኤውሮጳ ወ/ሮ ንግስቲ ጺጋይ፡ ሓላፊት ውዳቤታት ኤውሮጳ ወ/ሮ ከድጃ ኣሕመድን ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያ ኣቶ መሓመድዓሊ መሓመድ-ሰዒድን ዝተረኸቡሉ ጉባኤታት፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ንጥፈታት ተገምጊሙን ንዝቕጽል እዋን ዝገልግል ሓሳባት ቀሪቡን።

# ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ተመሃሮ ሸሊሙ



ስእሊ. ክብሮም ጸሃየ

ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/26 ኣብ ኣካዳምያዊ ንጥፈቶም ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ 537 ተመሃሮ፡ ብ29 ሚያዝያ ኣፍልጦ ሂቡ።

እቶም ዝተሸለሙ ተመሃሮ፡ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ካብ 3.25 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘመዝገቡ'ዮም።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ፕሮፌሰር ጉብራይ ኣስገዶም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሓያል ናይ ዓያይነት ስምምዕ፡ ውልቀ-ስርዓት፡ ምሕደራ ግዜ፡ ወፋይነትን ቁራጽነትን ካብ ባህርያት ዕዉት ተመሃራይ ምዃኖም ብምጥቃስ፡ ዕላማ ናይ'ቲ መደብ - ንጻዕርን ውጽኢትን ተመሃሮ ኣፍልጦ ብምሃብ ኣብ ካልኦት ተመሃሮ ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳር ከምዝኾነ ገሊጹ።

ፕሮፌሰር ጉብራይ ኣስዒቡ፡ ካብ'ቶም ዝሽልሙ ዝተሸለሙ፡ እቶም 468 ተመሃሮ ቀዳማይ ዓመት ኮይኖም 104 ካብኣቶም ምሉእ 4 ነጥቢ ከምዘመዝገቡ ብምጥቃስ፡ እዚ ካብ ናይ ዝሓለፈ 8 ዓመታት ውጽኢት ዝለዓለ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኮለጅ፡ 59 ሚእታዊት ካብ ተመሃሮ ካልኣይን ሳልሳይን ዓመት፣ 37.4 ሚእታዊት ድማ ካብ ተመሃሮ ቀዳማይ ዓመት ደቂኣንስትዮ ምዃነን ብምጥቃስ፡ እዚ ኑቲ ብብምዝኡ ዕበየት ዘመዝዮብ ዘሎ ተሳትፎን ተወዳዳርነትን ደቂኣንስትዮ ከምዝመልክት ኣስሚሩሉ።

ተመሃሮ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣብ ትምህርቶም ውጽኢታውያን ንኽኾኑ ዝሓገዞም፡ ብውልቃዊ ጻዕሪ ዝድረብ ደገፍን ምትብባዕን ወለዲ፡ መማህራንን ማሕበረሰብ ኮለጅን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ እቲ መደብ ኣጉዳሲ ተራእዩ ብዘለዓለ ክደፋኣሉ ተላብዮም።

ብዓውድታት ስነ-ሂወት፡ ስነ-ቀመም፡ ፊዚክስ፡ ሕሳብ፡ ስታቲስቲክስ ከምኡ'ውን ስነ-ምድሪ ዘምህር ዘሎ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ኣብ'ዚ እዋን 2,876 ተመሃሮ ኣለውዎ።

# ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ዞባታት ተዘኪሩ

ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ “ውዳበ ሰራሕተኛታት፡ ደራኺ ንልምዓት” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ኣብ ደባርዋ - ቀጽሪ ፋብሪካ ፕላስቲክ ተዘኪሩ።

ኣብ'ቲ ብ128 ሚያዝያ ዝተኻየደን ሰራሕተኛታት ዝተፈላለዩ ትካላት

ሓሳብን ሃገር ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ሃኮሰኤ ንኹሉ ዘፍሪ ዜጋ ኣካል ውዳቡ ጌይሩ ዝሓቝፈሉን ኣፍራይነት ዝዕበየሉን ባይታ ንምጥጣሕ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ጨናፍር ሃማመተኤ፡ ሃማደኤ፡ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ማሕበር መምህራንን ናይ ደገፍ ቃል

ከምዝለዋ ብምጥቃስ፡ መደባት ሃኮሰኤ ንምዕዋት ኩሎም ኣካላት መንግስትን ግንባርን ንዝዑበርዎ ዘለዉ ተራን ኣበርክቶን ምስጋና ኣቕሪቡ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ኩብሮም ዓንደሚካኤል ብወገኑ፡ ዝኽሪ ባሕቲ ግንቦት ንኤርትራውያን ኣገዳሲት ካብ ዝዑበራ



ስእሊ. ፋልሞን መሓሪ

ዝተሳተፍዎን መደብ፡ ሓላፊ ሃኮሰኤ ጨንፈር ዞባ ደቡብ ኣቶ ተኸስተ ምሕረትኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ዓለም ደረት-ኣልቦ ጥሙሕ ምግባት ሓያላን ብዘጠንቑ ጸገማት ትናወጸሉ ኣብ ዘላ ግዜ ትብዓል ምህላዋ፡ ሰራሕተኛታት ኣንጻር ምዝመዛን ብደሆታቱን ዝካየድዎ ቃልሲ ከም ዘይተዛዘመ ከምእተዘኻኽር ኣረዲኡ።

ኣቶ ተኸስተ ኣስዒቡ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት - ውዳበን ዳግመ-ውዳበን ዝዕላማኡ ርክባት ኣብ 21 ትካላት ከምእተኻየደ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ድሕነት፡ ጥዕና፡ ምሕደራን መሪሕነትን ፋይናንስን ምሕደራ ንብረትን ዘተኮረ ስልጠናታት ኣብ ደቀምሓረን መንደፈራን ከምእተዋህበ ኣፍሊጡ።

ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ኣመተ ንገሰ ብወገና፡ ታሪኽ ሰራሕተኛታት ኤርትራ እምዙኩርናዕ ፖለቲካን ሰ-

ከሰምዑ ከለዉ፡ ንኣበርክቶ ሰራሕተኛታት ዝገልጽ ስነጥበባዊ ስራሓት ቀሪቡ።

ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ'ውን ሓላፊ ጨንፈር ሃኮሰኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ሃብተማርያም ተስፋሚካኤል ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቱ፡

ረቛሒታት፡ ‘ርእሰካ ምኽኣል’ ዝብል መሪሕ መትከል መንግስቲ ኤርትራ ከምዝሰኑ ብምሕብር፡ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ኣብ ቃልሲ ንጽንዓት፡ ምኽባር ልኡላውነትን መደባት ህንጻት ሃገርን ንዝገበርዎን ዝዑበርዎ



ባሕቲ ግንቦት - ኣብ ገፅዞ ቃልሲ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ሓለፉ

ዘለዉን ዕዙዝ ኣበርክቶ ጠቒሱ፡ ዘሎናዮ መድረኽ ንዘበርኽ ቁጠባዊ ዕቤት - ዓጸፋ ስራሕን ተወፋይነትን ዝሓትት ስለዝኾነ፡ ኩሉ ዜጋ ሓድነቱ ኣትሪሩ ክምርሽ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ናይ ደገፍ መልእኽቲ ከቕርብ ከሎ፡ እቲ ናይ ዝኽሪ ስነስርዓት ብባህላዊ መሰናድኦታት ደሚቑ ነይሩ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ሃኮሰኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣቶብርሃን ጉብራት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኤርትራዊ ሰራሕተኛ - ጥምረቱን ናይ ዕዮ ንቕሓቱን ብምዕባይ



ሃገራዊ ተልእኾታትን ቀዳምነታትን ንምዕዋት ንዝካየዶ ዘሎ መኸተ ብምጥቃስ፡ ውዳበ መሰረት ህላወ፡ ቀጻልነትን ብልጽግናን ስለዝኾነ፡ ሃኮሰኤ

ኣብዚ መዳይ'ዚ ብዝካየዶ ዘሎ ጻዕሪ ኣብ 2025 ኣብ ውዳበ ናይ 18 ሚእታዊት ዕቤት ከምዝመዝገበ ኣጺሩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ኣሃዱ ዕዮ ኣቶ ጸጋዮ ሓጎስ ብወገኑ፡ ኣብ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ቀጽሪ 118/2001 ተደንጊጉ ከምዘሎ፡ ዝተወደበ ሰራሕተኛ ክንጽ

ምርግጋጽ መሰላቱን ግቡኣቱን፡ ሞያውን ትካላውን ንቕሓቱ ብምብራኽን ዕጥቂ ኣፍራይነቱ ብምሕያልን፡ ንልምዓታዊ ዕቤት ናብ ዝለዓለ መድረኽ ዘደይብ ደራኺ ሓይሊ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብ ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ኣቶ ምሉእ ተስፋማርያም ከምኡ'ውን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ኩብሮም ንርኣዮ ኣብ መወዳእታ፡ ስራሕ ከም መሰል፣ ኣፍራይነት ድማ ከም ምፍጣር ዕድላት ሽቕለትን ቁጠባዊ ዕቤትን ስለዝግለጽ፡ ኩሎም ሰራሕተኛታት ውዳቦኦምን ጥምረቶምን ኣደልዲሎም፡ ኣብ ሃገራዊ መደባት ልምዓትን ህንጻትን ዕዙዝ እጃም ክበርክቱ ኣዘኻኺሮም።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብደረጃ ሃገር ንመበል 35፣ ብደረጃ ዓለም ድማ ንመበል 136 ግዜ ትብዓል ኣላ።

## መግለጺ ሃኮሰኤ ብምኽንያት ሓደ ግንቦት ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት

### ‘ውዳበ ሰራሕተኛታት፡ ደራኺ ንልምዓት!’

ባሕቲ ግንቦት ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት 2026፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 136፡ ብደረጃ ሃገር ድማ ንመበል 35 ዓመት ግዜኡ ይዝከር ኣሎ። ብምኽንያት'ዚ ታሪኻዊ ዕለት'ዚ፡ ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ከም ወኪል ናይቶም ኣብ ዕዮን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጻውዒትን ብዘይ ተገታእቦት ኣብ ቅድሚት ዝተሰለፉን ዝሰለፉ ዘለዉን ሰራሕተኛታት፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓይልታት ምክልኻሉን ኣብ ሃገራት ወጻኢ ዝነብር ዜጋን እንቛዕ ኣብጽሓኩም ይብል።

ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ ጽንብል ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ‘ውዳበ ሰራሕተኛታት፡ ደራኺ ንልምዓት!’ ዝብል'ዩ። ታሪኽና ከም ዝምስክሮ፡ ዝተወደበ ሰራሕተኛ ሓርነቱ ዝኣወጀን ተመሊሱ ስለ ሓርነት ህዝቡ ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወቱ ሓራ ንኸውጽእ ዝቃለሰን ጸዓተኛን ሕቡንን'ዩ። እዚ ኸምዚ ዝኣመሰለ፡ ናይ ኣበርክቶን ኣብ ታሪኽ ተወቒሩ ዝነብርን ብምሕበር ኣእዳው ዝወራረስ ሓድግን፡ ሓንቲ ዝተወደበት፡ ረቂቕ ሓይሊ ዝወነነት ሃገር ይሃንጽ። እዚ ሓቂ'ዚ፡ ኀና ኣብ ኤርትራ ዘመናዊ ሰራሕተኛ ከም ኣምር ካብ ዝተቐልቀለሉ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ኣትሒዙ ሰሪቱ ዘሎ'ዩ።

ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት፡ ውዳበ ሓያል ድምጺ ከም ዝፈጥር ብምእማን፡ ኣንጻር ዓሌት ምርኩስ ዝነበረ ምዝመዛ፡ ዘይምዕሩይ ደሞዝን ሕማቕ ኩነታት ስራሕን እናተቓለሱ ሞያዊ ክእለታት ኣጥርዮምን ረቂቕ መንፈሳዊ ሓይሎም ኣውሪሶምን'ዮም። ኣብ ኩሉ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ንዝረኸብዎ ደፋ ይንኣስ ናይ መንቀሳቐሲታ ዕድላት ብምጥቃም ኣብ ቀጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ሰብውን ፖለቲካውን መዳያት ናይዚ ቃልሲ'ዚ መሪሕ ተራ ተጻዊቶምን ኣዕዊቶምን።

ውዳቤ ንቕሓትን ዕጥቅን ደሚሩ፡ ንዋሕድና ኣራብሓ፡ ደጋዊ ጸቕጥታትን ታህዲዳትን ብዘይ የገድስ፡ ወሳናዊ ሓይልና ንኸዕስል፡ ናብኡ ንኽንበጽሖ ኣብኡ ክንኣምንን ዘኽኣለ ወርቃዊ ኣምር ምዃኑ ሜዳ ቃልሲ ሓርነት ህዝቢ ኤርትራ'ውን መስኪሩ'ዩ። ህዝባዊ ግንባር፡ ‘ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይውደብ፡ ይተዓጠቕ!’ ዝብል ጭርሖ ብምልዓል ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክመርሖ ከሎ ኸኣ ካብኦም ኣብ ቅድሚት ዝተሰለፉን ዝሓብሩን ሰራሕተኛታት'ዮም። ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ከም ሓደ ውዳበ ሰራሕተኛታት መጠን፡ ኣብ ምውዳብን ምዕጣቕን ሰራሕተኛታት፡ ፋይናንሳዊ ደገፉ ኣብ ምብርካት፡ ተሳትፎኡ ኣብ ኩሉ ልምዓታዊ መደባት ኣብ ምዕዛዝ፡ ፖለቲካዊ ደገፍ ኣብ ምሃብን መትከል ርእሰ ምርኩሳ ብዝዓበየ ኣብ ምርግጋጹን ኣብ ሰውራ ኤርትራ ታሪኽ ሰሪዑ ሓሊፉ።

እዚ መንፈስ'ዚ፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ቀጺሉ። ምስቲ ኸሉ ንኤርትራ ዘጋጥሙ ናይ ባይታን ናይ ኣእምሮን ኩናት፡ ሓሊኹ ክሕዝና ዘንቀደ እንዳታትን ናይ ዲፕሎማሲ ተጽዕኖታትን፡ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ብመገዲ ኮንፌደረሽኖም፡ ኣብ ምውዳብ ዓያዪ ሰራሕተኛ፡ ኣብ ምብርኻት ቀጠባዊ ደገፍ ኣብ ሃዋህው ኣይከኑናት ኣይሰለዮም፡ ልዑል እጃም ተጻዊቶም። ቀጠባዊ ሓርነት ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩባንያታት ህንጻ፡ መጉዓዝያ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎታት፡ ኮርፖረሽናት፡ ፋብሪካታትን ካልኦት ትካላትን ልዑል እጃም የበርክቱ ኣለዉ። በዚ መዳይ'ዚ፡ ሰራሕተኛታት፡ ማሕበራዊ ሓድነቶምን ውዳቦታቶምን ኣሐይሊሎምን ኣስፊሖምን፡ ድሕነት ሃገር ኣውሒሶም ይርከቡ።

ሎሚ፡ ነዚ ዕለት'ዚ እንዝክረሉ ከሎና እምበኣር፡ ኑቶም ኣብ ፖለቲካውን ዕጥቃዊ ቃልሲ ንሓርነት ኤርትራን ቃልሲ ቀጠባዊ ሓርነትን መሪሕ ተራ ዝተጻወቱ ሃገራዊ መንነትና ዝኾልዑ ወለዶታት ሰራሕተኛታት ብኽብሪ እናዘከርና ይኸውን።

ልምዓት፡ ካብ ውዳቤ ንቕሓትን ኣፍራዪ ጸዓትን ዝቅል ምዃኑ ብምእማን፡ ህሉው ዓለማዊ ኩነታትን ፈጢሩዎ ዘሎ ብድሆታትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሰራሕተኛታት ብፍላይ'ኳ መንእሰያት፡ ምስ ኣብ ጸጸባሕ ዝቕልቀል ዘሎ ቴክኖሎጂታት ብፍልጠትን ክእለትን እናሰገሙ፡ መሃዙቶምን ኣፍራይነቶምን ኣብ ቦታ ስራሕ ከዕዝዙ፡ ሃኮሰኤ ብምኽንያት'ዚ ክቡር ዕለት'ዚ የዘኻኽር።

ዕድመ ንባሕቲ ግንቦት ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት!
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም  ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ  ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.113395-07588045
**ምልክታ**
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ማሊ፥ ኣብ ሓደገኛ ጸጥታዊ ቅልውላው



ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ ጂሃዳውያን ዕጡቓት ናብ ዓበይቲ ከተማታት ማሊ ክኣትዉ፡ ከቢድ ጸጥታዊ ቅልውላው ከስዕቡን ተራእዮም። ብፍላይ ናብ መንበሪ ቤት ሚኒስተር ምክልኻል ማሊ ጀነራል ሳድዮ ካማራ ብምእታው፡ ነፍሰ ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሞም፡ ኣብ ማሕበረ ሰብ ዓለም ስንባደ ፈጢሮም እዮም። በቲ ማሕበረ ሰብ ዓለም 'ባርባራዊ' ክብል ዝገለጾ መጥቃዕቲ፡ እቲ ጀነራል ምስ ሰለስተ ካልኦት ኣባላት ስድራቤቱ ከም እተቐትለ'ዩ ዝንገር ዘሎ።

ኣብ ማሊ ዝንቀሳቐሱ ጂሃዳውያን ዕጡቓት፡ ኣብዚ እዋን መጥቃዕትታቶም መሊሶም ብምሕያል፡ ናብ ርእሲ ከተማ ናይታ ሃገር ዝኾነት ባማኮ ክኣትዉ ክኢሎም ኣለዉ። እዞም ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ምስ'ቶም ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ናይታ ሃገር ዝርከቡ ብ'ትዋረግ' ዝፍለጡ ቀቢላ ብምትሕብባር እዮም ኣንጻር መንግስቲ ማሊ ዝቃለሱ ዘለዉ። ተወለድቲ ቀቢላ ትዋረግ፡ ኣብቲ ዝነብሩሉ ሰሜናዊ ክፋል ማሊ ናይ በይኖም ሃገር ንምቛም እዮም ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ኣንጻር መንግስቲ ክቃለሱ ጸኒሖም። ሕጂ ከኣ፡ እዞም ብመጓሰን ንግዲን ከም ዝናበሩ ዝንገረሎም ህዝቢ፡ ምስ'ቶም ጂሃዳውያን ዕጡቓት እናተሓባበሩ፡ ኣንጻር እቲ ኣብ 2021 ብዕልዋ ስልጣን ዝሓዘ መንግስቲ ማሊ ይቃለሱ ኣለዉ።

እዞም ኣብዚ እዋን ንከተማ ባማኮ ከቢቦሞዋ ዘለዉ፡ ንሓያሎ ከባቢታት ማሊ ደማ ተቖጻጺሮም ዝርከቡን ዕጡቓት፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሚኒስተር ምክልኻል ማሊ ዘጋየድዎ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ነታ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ ኣሲሞ ጎይታ እውን ናይ ቅትለት ፈተነ ኣካይዶም እዮም። እንተኾነ፡ እቲ መራሒ ሃገር ካብቲ ፍሹል ፈተነ ቅትለት ብዘይ ዝኾነ ጉድኣት እዩ ክድሕን ክኢሉ። ብተወሳኺ፡ ምስ'ዞም ጂሃዳውያን ዕጡቓት ጸሚዶም ዘለዉ ተወለድቲ ቀቢላ ትዋረግ ዝኾኑ ዕጡቓት እውን ንሓንቲ ካብ ዓበይቲ ከተማታት ማሊ ዝኾነት ከተማ ኪጋድ ክቆጻጸሩ ክኢሎም ኣለዉ።

ቅድሚ ገለ እዋናት፡ ኣብ ከተማ ኪጋድ፡ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ናይቲ 'ዋግነር' ብዝብል ቅጽል ስም ዝፍለጥ ሩስያዊ ብሕታዊ ወተሃደራዊ ትካል፡ ዓስኪሮም ነይሮም እዮም። እቲ ምስ መንግስቲ ሩስያ ብምርድዳእ፡ ኣንጻር ሸበራውያን ንምቅላስ፡ ኣብ ጥሪ 2022 ናብ ማሊ ዝኣተወ ዋግነር፡ ተልእኾኡ ብዓወት ከይዛዘመ እዩ ኣብ ግንቦት 2025 ካብ ማሊ ወጺኡ። ዋግነር፡ ኣብ ማሊ ኣብ ዝጸንሐሉ ግዜ፡ ኣብታ ሃገር መጥቃዕትታት ጂሃዳውያን ጉጅለታት መሊሱ ከም ዝጸዓጸዐ፡ ብእኡ ምኽንያት ጸጥታ ናይታ ሃገር እናበኣሰ ከም ዝኸደ፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ ሂወት ሰላማውያን ሰባት ከቢድ ጉድኣት ከም ዘወረደ'ዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ። ድሕሪ'ዚ እዩም እምበኣር እዞም ሕጂ 'ኣፍሪቃውያን ወተሃደራት' (ኣፍሪካን ኮርፕስ) ዝብል ቅጽል ስም ዝተዋህቦም ሩስያውያን ወተሃደራት፡ ኣብ ሰነ 2025 ናብ ማሊ ዝኣተዉ። ማሊ፥ ኒጀርን ቡርኪናፋሶን ብቐደም ተኸተል፡ ኣብ 2021ን 2022ን ዕልዋ መንግስቲ ኣካይደን ብወተሃደራዊ መንግስቲ ክመሓደራ ድሕሪ ምጅማረን ሓባራዊ ልፍንቲ ኣቑመን እየን። እዘን ጎረባብቲ ሃገራት፡ ነቲ ብፕረዚደንት ቡርኪና ፋሶ ኢብራሂም ትራኦሬ ዝምራሕ ልፍንቲ ድሕሪ ምቛመን ካብ ምዕራብ ኣፍሪቃዊ ዞባዊ ውድብ (ኢኮዋስ) ብወግዒ ኣንሳሒበን። ኣብቲ እዋን እቲ እየን ድማ ኣብ መሬተን ዓስኪሮም ንዝጸንሑ ግዱማውያን ሓይልታት (ሰራዊት ፈረንሳ) ብምስጓግ ንሩስያውያን ናብ ሃገረን ዘእተዋ። እዞም ኣብ ጎድኒ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኮይኖም ኣንጻር ሸበራውያን ሓይልታት ንምቅላስ ናብ ማሊ ዝተላእኩ ኣባላት ዋግነር ግና ኣብቲ ዞባ ዝሕሾ ጸጥታዊ ኣበርክቶ ኣይገበሩን። ኣብዚ ቀረባ እዋን ድማ፡ ኣፍሪቃውያን ሓይልታት (ኣፍሪካን ኮርፕስ) ንቦታ ዋግነር ተኪኦም። መንግስቲ ማሊ፥ ብሰንኪ'ዚ ኣብ ሃገሩ ተፈጢሩ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ክእውጅ እንክሎ፡ ባማኮ ኣብ እትርከበን ሓያሎ ከተማታት ድማ፡ ሰዓታት እቶ እቶ ኣዊጁ ኣሎ።

ንድሕሪት ምልስ ኢልና ምስ እንምልከት፡ ወተሃደራዊ መንግስቲ ማሊ፥ ቡርኪና ፋሶን ኒጀርን ኣብ 2020 ድሕሪ ዘካየዳኦ ዕልዋ መንግስቲ እዩ ስልጣን ሒዘን። ካብቲ እዋን'ቲ ጀሚረን እየን ድማ እዘን ሰለስተ ሃገራት ብወተሃደራዊ መንግስቲ ክምርሓ ዝጀመራ። ጸጥታዊ ቅልውላው ማሊ እናሓመቐ ኣብ ዝመጸሉ ዘሎ እዋን፡ "ቡርኪና ፋሶን ኒጀርን ናብታ ሃገር ሰራዊት ከዋፍራ ድየን?" ዝብል ሕቶ'ውን ክለዓል ይኽእል እዩ። ብመሰረት እቲ ሰለስተአን ሃገራት ኣቑመንኦ ዘለዋ ሓባራዊ ልፍንቲ፡ ቡርኪና ፋሶን ኒጀርን ናብ ማሊ ሰራዊተን ክልእኻ ይኽእላ እየን። እንተኾነ፡ ክልተአን ሃገራት ካብቲ ኣብ ማሊ ዘሎ ኩነታት ብዘይፋልይ፡ ብተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት ጂሃዳውያን ዕጡቓት ይናወጻ እየን ዘለዋ። ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ቡርኪና ፋሶ፡ እቲ ኣስታት 40 ሚእታዊት ኣብ ትሕቲ እዞም ዕጡቓት እዩ ወዲቑ ዝርከብ። በዚ እየን እምበኣር፡ እዘን ሰለስተ ሃገራት ኣብ ውሽጠን ጸጥታዊ ብድሆታት ከይብድሃ፡ ናብ ማሊ ሰራዊተን ከዋፍራ ዘይክእላ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካልኦት ከም ናይጀርያ ዝኣመሰላ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝርከባ ጎረባብቲ ሃገራት እውን፡ ኣንጻር እቶም ምስ ዳዕሽ ይኹን ኣልቃዒዳ ርክብ ዘለዎም ዕጡቓት ጉጅለታት ንምቅላስ፡ ናብ ማሊ ሰራዊተን ክልእኻ ኣይክእላን እየን። ዘይልእኻሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ እዘን ሰለስተ ሃገራት፡ ካብቲ ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት ኑሓድሕደን ክትሓጋገዛ ዝተሰማምዓሉ ምዕራብ ኣፍሪቃዊ ዞባዊ ውድብ (ኢኮዋስ) ስለ ዝወጻ እዩ። እዚ ኩሉ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ተደማሚሩ'ዩ እምበኣር፡ እዚ ሕጂ ኣብ ማሊ ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ቅልውላው፡ ሕልፈ'ቶም ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብታ ሃገር ዘጋጠሙ ተመሳሰልቲ ቅልውላዋት ኣዝዩ ቡዓዚ ኮይኑ ዘሎ።



ማሊ፥ ዋላ ደኣ ካብ 2020 ኣትሒዛ ብወተሃደራዊ መንግስቲ ክትመሓደር ትጀምር'ምበር፡ ክሳብ ሕጂ ግን እቶም ምስ ሸበራውያን ሓይልታት ቀጥታዊ ርክብ ዘለዎም ጂሃዳውያን ዕጡቓት ዝካየድዎ መጥቃዕትታት ክትገትኦ ኣይክኣለትን ዘላ። በዚ ከኣ፡ ኣብዚ እዋን ሰፊሕ ከባቢታት ማሊ ካብ ቁጽጽር መንግስቲ ወጻኢ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ኣብቲ ፈለማ፡ መራሒ ማሊ ኣሲሞ ጎይታን ፕረዚደንት ቡርኪና ፋሶ ኢብራሂም ትራኦሬን ዕልዋ መንግስቲ ኣካይዶም ስልጣን ምስ ሓዙ፡ ኣብ ግዜኡ ልዑል ደገፍ ረኺቦም ነይሮም እዮም። ድሕሪኦም ድማ፡ ኣብ መሬቶም ዓስኪሮም ንዝነበሩ ወተሃደራት ፈረንሳ ናብ ሃገሮም ክስጉ ተራእዮም። ሕጂ ግና ኑቶም ሓያል መጥቃዕትታት እናኣጋጠሙ፡ ኣብ'ተን ሃገራት ጸጥታዊ ቅልውላው ዘስዕቡ ዘለዉ ጂሃዳውያን ሓይልታት ክምክቱ ብዘይ ምኽኣሎም፡ ህዝባዊ ደገፎም እናነከየ ይመጽእ ከም ዘሎ እዩ ዝንገረሎም። መንግስቲ ማሊ፥ "ፈረንሳ ንጂሃዳውያን ጉጅለታት ተዕጥቕም ኣላ" እናበለ ብተደጋጋሚ ክኸስስ ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ማሊ ብሰንኪ ጸጥታዊ ቅልውላው ልዕሊ 400 ሽሕ ሰባት ካብ ቤት ንብረቶም ከም እተመዛበሉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

- - - - - - - - -

### ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ማህደር |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄል ደባይዋ |
| 15:30 | መደብ ሞዛይክ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ድርፌ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ሞዛይክ |
| 18:50 | እትመት |
| 19:25 | እቲ ካልእ ዝናር 1ይክፋል |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገለብ ደሓን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳዉን |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ቆርበትና ዋሕስ ጥዕናና

ብዛዕባ ኣካላት ሰብነትና ክንሓስብ እንከለና፡ ቀዳሞ ናብ ሓንጎልና ዝመጽእ እንተሎ - ልቢ፡ ሳንቡእ፡ ወይ ኩሊት እዩ። ኣብ ሰብነትና ዝዓበየን ኣገዳስን ኣካል ከም ዘሎ ብዙሕ ግዜ ንዘንግዖ ኢና - ቆርበት።

ቆርበትና ካብ'ቲ ብምርኣይ ጥራይ ዝህበና ደጋዊ ጽባቐ ንጥዕናና ኣገዳሲ ዝኾነ ሓያሎ ወሳጣዊ ንጥፈታትን ጥዕናዊ ጥቕምን እዩ ዘለዎ። ተጓናጺ ታህዋስያን ናብ ውሽጢ ኣካላትና ኣትዮም፡ ሕማም ከየስዕቡልና ይከላኸል። ሙቐት ሰብነትና ይቆጻጸር። ጥዕና ዘለዎ ቆርበት፡ መግለጺ ጥዕና ዘለዎ ሰብነት'ውን እዩ።

### ቆርበትና እንታይ እዩ ጥቕሙ?

ቆርበትና ንኣስታት 15 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ክብደት ሰብነትና ሽፊኑ ይርከብ። ካብ'ቲ ንሰብነትና ኣብ ምሽፋን ዘለዎ ተራ፡ ካልእ ሓያሎ ኣገደስቲ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ።

- ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ይፈጥር።
- ወሳጣዊ ኣካላት ሰብነት ብዘየገድስ ከየጽዱን ከየጥፉን ሸፊኑ/ ሓቒፉ ይሕዞም።
- ካብ ውሽጢ ሰብነትና ዘየድሊ ረሰሓት ብመንገዲ ረሃጽ ንደገ ከም ዝወጽእ ይገብር።
- ቫይታሚን 'ዲ' ብጽምረት ከም ዝፈሪ ይገብር። ቆርበትና ዚ ቫይታሚን ካብ ዝወሰድናዮም መግብታት እዩ ዝምስርሖ።
- 'ሜላኒን' (melanin) ይሰርሕ። 'ሜላኒን' ቆርበትና ሕብሪ ከም ዝህልዎ ዝገብር ባእታ እዩ።
- ብምድህሳስ ነገራት ዘለዎ ጠባይን ቅርጽን ክለሊ ይሕግዘና።

### ሕማም ካብ ዘስዕቡ ወረርቲ ታህዋስያን ይከላኸል

ቆርበት ወዲ ሰብ እቲ ዝተረረ ላዕለዋይ ዋህዮኣዊ ሽፋን ናይ ሰብነት እዩ። እቶም ነቲ ቆርበት ኣቕሞም ዝርከቡ ብዋህዮታት ዝተሰርሑ ቀጸላታት፡ ብዮምዝሖ ስለ ዝሕደሱ ካብ ዝኾነ ረኽሲ ንምክልኻል ኣይጸገሞን። ብተወሳኺ፡ ኣብቲ ቆርበት ዝርከቡ ጸክታት (glands) ስቡሓዊ ኣሲድ ዝኣመሰሉ ቅብኣት ስለ ዘመንጭዉ ዝኾነ ኣብ ደገኣዊ ኣካላትና ክዓልቡ ዝኽእሉ ባክተርያ ከም ዝጠፍኡ ይገብር።

ላዕለዋይ ቀጸላ ቆርበት 'ኢፒደርሚስ' (epidermis) እዩ ዝበሃል። እዚ ቀጸላ'ዚ ካብ ቫይረስ ይኹን ባክተርያ ንምክልኻል ዝሕግዝ ቀዳማይ ደገኣዊ ድርዒ እዩ።

ምንም ጉድኣት ዘይብሉ ጥዑይ ቆርበት፡ ሰብብ ሕማም ዝኾኑ ታህዋስያን ናብ ውሽጢ ኣካላትና ንኸይኣትዉ ይከላኸል። ዝቖሰለ ወይ ዝዓነወ ቆርበት ግን፡ ናብ ውሽጢ ቆርበትና ኣትዮም ረኽሲ ቆርበትን ካልእ ዝተፈላለዩ ወሳጣዊ ሕማማትን ክፈጥር ይኽእል።

ድልዱልን ጥዕና ዘለዎ ቆርበትን ዘለዎ ሰብ፡ ሰብብ ሕማም ዝኾኑ ታህዋስያን ክበስዖ ወላ እንተፈተኑ፡ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ልዑል ስለ ዝኾነ ከሕልፍዎ ኣይክእሉን።

ቆርበትና 'ኢፒደርማል ኬራቲኖሳይተስ' (epidermal keratinocytes) ዝተባህሉ ዋህዮታት ዝሓቖፈ እዩ። እዞም ዋህዮታት'ዚኦም፡ ጸረ-ቫይረስ፡ ጸረ-ባክተርያን ጸረ-ፋንጋስን ዝኾኑ ፕሮቲንን ካልኦት ዝተፈላለዩ ኬሚካላትን የፍርዩ እዮም።

ኣብ ቆርበትና ዝርከብ 'ሰባሸየስ' (sebaceous) ዝተባህለ ስቡሓዊ ጸኪ ንበልሓ፡ ቅብኣት ስለ ዘንጥዕ ኣብ ቆርበትና ተወሳኺ መከላኸሊ ድርዒ እዩ ዝፈጥር። ብተወሳኺ፡ ቆርበትና ተዓጻጻፊን ልሙጽን ክኸውን ስለ ዝሕግዝ ጥዕና ክህልዎ ይገብር።

ንጭዋዳታት፡ ኣዕጽምቲ፡ ወሳጣዊ ኣካላትን ስርዓት መትንን ሓቒፉ ንምሓዝ የገልግል።

ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ቆርበት ሰብነትና፡ ሕማም ኣብ ምክልኻል ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን።

ታሕተዋይ ቀጸላ ቆርበት ሰብነትና ማለት ሃይፖደርሚስ (hypodermis) ውህደት ናይ ስብሒ ኣለዎ። ከም ተፈጥሮኣዊ ናይ ተዘዘታ መለለዩ ኮይኑ ድማ ይነጥፍ። ኣብ ሰብነትና ዝኾነ ጉድኣት ወይ'ውን ስንባደ ኪጋጥም እንከሎ፡ መልእኽቲ ብምቕባል ቆርበትና ንምክልኻሉ ድሉው ከም ዝኸውን ይገብር።

### ረሃጽ የውጽእ

ረሃጽ ምልክት ከቢድ ዕዮ ንምፍጻም ናይ እንገብሮ ጻዕሪ ጥራይ ኣይኮነን። ረሃጽ ቆርበት ሰብነትና ምጡን ምቕት ከም ዝህልዎ ብምግባር፡ ሰብነትና ኣብ ምክልኻል ግቡእ ስርሑ ከካይድ ይሕግዞ እዩ።

ረሃጽ ብኽልተ ጸኪታት ናይ ሰብነትና እዩ ዝፍጠር። 'ኤክሪን ግላንድ' (eccrine gland) ንዝጠዘሐ ክፋሊ ሰብነትና ሸፊኑ ዝርከብ ኮይኑ፡ ንቀጸላታት ቆርበት ሰብነትና ከም ዝኸፈት ዝገብር እዩ። 'ኣፖክሪን ግላንድ' (apocrine gland) ንቆርበት ናይ ጸጉሪ ከም ዝኸፈት ዝገብር ኮይኑ፡ ኣብ ቆርበት ቁርቑርቲ፡ ትሸኽሸ ከምኡ'ውን ኣብ ረቃቒቶ ይርከብ።

### ቫይታሚን 'ዲ' የፍሪ

ቆርበት ሰብነትና እኹል ጸሓይ ብርሃን ምስ ዝረክብ፡ ቫይታሚን 'ዲ' የፍሪ እዩ። ቫይታሚን 'ዲ' ኣብ ሰብነትና ሓያሎ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ።

- ንድልዳለን ጥዕናን ዓጽሚ ይሕሉ።
- ካብ መንሸሮ ቆርበት ይከላኸል።
- ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ቆርበት ሰብነት የገልግል።
- ካብ 'ሶርያሰስ' (psoriasis) ዝተባህለ ሕማም ቆርበት ይከላኸል። 'ሶርያሰስ' ሻሕካር ቀይሕ ፍንፉእ ዝምልክቱ ሕማም ቆርበት እዩ።

### 'ሜላኒን' ይዕቅብ

'ሜላኒን' ሕብሪ ቆርበትና ዝወስን ኣብ ላዕለዋይ ቀጸላ ቆርበት ሰብነትና ዝርከብ ባእታ እዩ። 'ሜላኒን' ካብ'ቲ ኣብ ምሃብ ሕብሪ ተወሳኺ ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። ካብ 'ኣልትራቫዮለት ረይ' (UV rays) ንምክልኻል ይሕግዝ። 'ኣልትራቫዮለት ረይ' ሓደገኛ ጸረር ጸሓይ ኮይኑ፡

- ምቅጻል ቆርበት፡
- መንሸሮ ቆርበት፡
- ኣብ ዘይዕድመኡ ምእራግ ዝፈጥር ምዕጣር ቆርበት ሰብነት፡
- ምምጣጥን ምትዕጽጻፍን ቆርበት ሰብነት የጉድል።

ቆርበትና እዩ።

ቆብትና ዝተፈላለዩ ጠባያት ዝቕበል ሓያል ዓቕሚ እዩ ዘለዎ።

- 'ቴርሞረሴፕቶር' (thermoreceptor)፡ - ሙቐት ንምልላይ ይሕግዝ።
- 'ኖሲሴፕቶር' (nociceptor)፦ ሓደ ነገር፡ ንኣብነት መጉዳእቲ፡ ቃንዛ ኣለዎ ደዩ የብሉን ንምልላይ ይሕግዝ።
- 'ሜካኖረሴፕቶር' (mechanoreceptor)፦ ኣብ ሰብነትና ዝፍጠር ደገኣዊ ጸቕጢ ንምልላይ ይሕግዝ። ንኣብነት፡ ብኢድ ሰላምታ ንዝፍጠር ሓይሊ ወይ ጸቕጢ ቀዳሞ ዘለልዮ ቆርበትና እዩ።

ቆርበት ሰብነትና ብከመይ ንሕናኸና፧

ዕድመ ብዝኾነደስ ልሙጽን ዘይዓጠረን ቆርበት ሰብነት ክህልዎ ዘይደሊ ሰብ የለን። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዚ ክውን ንምግባር ዘፍሪ ጸኪታት ኣካላትና እናንደለ'ዩ ዝኸይድ። ድርቀት ቆርበትና ብቑጥታ ምጭምዳድ ዘስዕበ'ኳ እንተዘይኮነ ነቲ ጸገም ከም ዘቀላጥፎ ግና ክንስሕቶ የብልናን። ስለዚ ቆርበትና ጠሊ ክህልዎ እንተኾይኑ ብፍላይ ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ሲ' ዘለዎ ፍረታትን ኣሕምልትን ምምጋብ ኣገዳሲ እዩ።

ንሓያሎ ሰዓታት ንጸሓይ ብርሃን ዘይምቅላዑ ኑብስና ንጸሓይ ብርሃን ንሓያሎ ሰዓታት ከቃልዓ ዘይምኽኣልና እቲ ዝበለጸ ልሙጽ ቆርበት ሰብነት ክህልወና ዝሕግዘ ኣገባብ እዩ። 80 ሚእታዊት ቆርበት ሰብነትና ከዕነዉ ዝኽእሉ ከም ምዕጣር ቆርበት፡ ምብታኽ ሻምብቆታት ደም ኣብ ቆርበት፡ ከምኡ'ውን ናይ ቆርበት መንሸሮ፡ ንሓያሎ ሰዓታት ንጸሓይ ብርሃን ብምቅላዕና ዘስዕቡ ጸገማት እዮም።

ሕማቕ ልምድታት ኣወግድ፦ ካብ ከም ሽጋራ ምትኻኽን ጸዑቕ መስተ ምውሳድን ዝኣመሰሉ ልምድታት ናጻ ኩን። ኣብ ከተማ ሳልት ሌክ ሲቲ ኣብ ዝርከብ ዩኒቨርሲቲ ዩታ ዝርከቡ ተመራመርቲ፡ ሽጋራ ምትካኽ ቅድመ ዕድመኻ ምጭምዳድ ቆርበት ሰብነት ከኸትል ከም ዝኽእል ብመጽናዕቲ ከበጽሕዎ ክኢሎም ኣለዉ። ንሳቶም ኣብቲ ዘየደዎ መጽናዕቲ ኣብ መዓልቲ ክሳብ ክልተ ጥቦ ሽጋራ ን25 ዓመታት ከየቋረጹ ዘትከኹ ሰባት ብምጭምዳድ ቆርበት ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ብሓሙሽተ ዕጽፊ ዝዛየደ ምዃኑ'ዮም ዝሕበሩ።

ኣብ እትወስዶም መግብታት (ድሩቕን ፈሳሽን) ግቡእ ኣድህቦ ምግባር፦ ኣብ መዓልቲ ክንደይ ዝኣክል ማይ ሰቲኻ እትህቦ ኣቓልቦ ኣብ ኣቀራርባኻን መልክዕኻን ብዙሕ ለውጢ ከም ዘሎ ኣመራጽዊት ክኢላ ቆርበት ክሪስቲና ሃርት ትዛረብ። ኣብ መዓልቲ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ሸሞንተ ብኬሪ ማይ ወይ'ውን ካፌንን ኣልኮልን ዝተባህሉ ኬሚካላት ዘይብሎም ካልእ ዓይነት ፈሳሲ ምውሳድ፡ ቆርበት ሰብነትና ጠሊ ክህልዎ ሓጊዚ ምዃኑ እታ ክኢላ ትምዕድ።

ንሳ ኣሰዒባ ኣመጋግባና ካብ ኣብ ልዑል ፕሮቲን ዘለዎም መግብታት ከም ኣሕምልትን ፍረታትን ዝኣመሰሉ ልዑል ቫይታሚን ኣብ ዘለዎም መግብታት ምዝዛው ተመራጺ ምዃኑ ትገልጽ።

እወታዊ ኣተሓሳስባ ይሃልኻ፦ ኈብራቕ ናይቲ ኣብ ሓንጎልካ ዘሎ ኣተሓሳስባ ገጽካ እዩ ዝበል ኣበሃህላ ኣሎ። ሕርቃን፡ ጭንቀት፡ ጸቕጢ ከሎም ዝኣረገ ቆርበት ንክህልወካ ዝገብሩ ኣሉታዊ ስምዒታት እዮም። ስለዚ ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ስምዒታት ተቖጠብ።







### ምድህሳስ

ንፈትዎም ክንሓቀፍ ምስ ዘይንኽእል፡ ኩናን ምስ ተኸደንና ወይ ምስ ኣውጻእና ንዘሎ መጠን ሙቐት ክንስተማቕር ምስ ዘይንኽእል፡ ነገራት ሒዝና ለማጽ ድዩ ሓርፋፍ፡ ዓቢ ድዩ ንእሽቶ፡ ውዑይ ድዩ ዝሑል ክንፈልጥ ምስ ዘይንኽእል ህይወትና ከመይ ምኾነት። ነገራት ምስ ዳህሰስናዮም የቐንዘዉ ድዮም ወይስ ባህታ ዝፈጥሩ ክንፈልጥ ዘኽእለና'ኮ

ሓያሎ ዘመን ኣምጺኦ መድሃኒታትን ክሬምን'ኳ እንተለዉ፡ ኣብ ጥዕና ቆርበት ሰብነትና ዘለዎም ሃሲያ ግና ኣመና ግሩን ከም ዝኾነ'ዮም ሓካይም ዝሰማምዕሉ። ካብዚ ንዳእቲ ነገራት ወጻኢ ብኸመይ ልሙጽን ጥዕና ዘለዎን ቆርበት ሰብነት ክህልወና ከም እንኽእል ዝገብሩ ነጥብታት ክንዝርዝር ኢና፦

ጽሬት ቆርበትና ምሕላው፦ ቆርበትና ብፍላይ ድማ ገጽና ንክባቢና ዝተቓልዐ ብምዃኑ ኣብ'ቲ ኩቢ ብዘለዉ ታህዋስያን፡ ጸረር ጸሓይ፡ ደሮናን ካልእ በከልቲ ኬሚካላትን ብቐሊሉ ክጥቃዕ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ብፍላይ ገጽና ኣብ መዓልቲ ክሳብ ክልተ ሳዕ ክንሕጽቦ ተመራጺ እዩ። ኣብዚ ብዙሕ ቅብኣ ዘይብሉ ፍኹስ ዝበለ ሳሙና ክንጥቀም ይግባእ። ገለ ገለ ኣብ ቆርበቶም ቅብኣት ዘይብሎም ሰባት ግና ቅብኣት ዘለዎ ተረር ሳሙና ክጥቀሙ ተመራጺ ይገብሮ።

ቆርበትና ዘለዎ ጠሊ ክንሕልወሉ ይግባእ፦ እናዓበና ክኸይድ እንከለና ቆርበትና ንኽልስልስ ዝሕግዝ ቅብኣት



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

**3. Position: Housekeeping Supervisor**
**Department: Employee Service**
**Section: Village Service**
**Number Required: One (01)**

**PRIMARY PURPOSE**

Responsible for supervising housekeeping team leaders and employees to ultimately ensure the cleanliness and tidiness of accommodation rooms.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Supervisory
- Health and Safety
- Administration
- Customer Service

**Unique Requirement**

• Good written and verbal communication skills to direct the activities of workers.
• Communication skills also include the ability to listen and understand employees.
• The position also requires the ability to make decisions and find alternative solutions to problems.

| |
|---|
| **Qualifications:** |
| Diploma in Tourism and Hotel Management preferably<br>Diploma in Management |

| |
|---|
| **Knowledge and Experience:** |
| 1 – 3 Years experience in Housekeeping<br>2 Years of Supervisory/Team Leader experience in Housekeeping |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer skill (MS Office – Intermediate level) | General Courtesy |
| Knowledge of cleaning | Organising skill, Coach/Mentor |
| Knowledge of cleaning products | Cleanliness and presentable |
| Knowledge of cleaning policies, procedures and processes | Teamwork, Motivator |
| Allocation of employees on shifts | Supervisory skill |
| Administration | Communication (English and Local language) |

**4. Position: Catering Supervisor**
**Department: Employee Service**
**Section: Village Service**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

Supervise catering staff, allocation of duties and supervise all functions within the Catering facility.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

• Supervisory
• Administrative
• Health and Safety

| |
|---|
| **Qualifications:** |
| Grade 12 |
| Certificate in Food and Beverage |
| Certificate in Hotel Tourism will be an added advantage |

| |
|---|
| **Knowledge and Experience:** |
| 8 Years experience in catering environment |
| 3 - 5 Years Supervisory position in catering environment |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate) | Interpersonal relations |
| Knowledge of food, beverage and chemicals | Supervisory skill |
| Knowledge of Health and Safety procedures | Communication (English and Local language) |
| Knowledge of cultural food | Personal Hygiene |
| Business Writing Skill | Innovative/Creative |
| Report Writing Skill | Coach/Mentor |
| Administration Skill | Flexibility |

**5. Position: Senior Laundry and Housekeeping Supervisor**
**Department: Employee Service**
**Section: Village Service**
**Number Required: One (01)**

**PRIMARY PURPOSE**

The Housekeeping and Laundry senior Supervisor plans, organizes, and directs the overall operations of the housekeeping and laundry section to ensure a clean, safe working environment, and maintain the camps, high standards and polished appearance in accordance with all laws, regulations and company standards.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

• Supervisory
• Health and Safety
• Administration
• Customer Service.

**Knowledge, Experience and Skills**

| |
|---|
| **Qualifications:** |
| • Diploma in Tourism and Hotel Management preferrable<br>• Diploma in Management |
| **Knowledge and Experience:** |
| • 4 Years' experience in Housekeeping /Laundry<br>• 2 Years of Supervisory experience in Housekeeping/Laundry |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| • Computer skill (MS Office – Intermediate level) | • General Courtesy; Coach/Mentor and Organized skill |
| • Knowledge of cleaning chemicals, equipment, safety procedures and administration. | • Communication (English and Local language) |
| • Knowledge of cleaning & cleaning products. | • Cleanliness and presentable; Motivator |
| • Knowledge of cleaning policies, procedures and processes; allocation of employees on shifts. | • Teamwork; Supervisory skill |

*Continued on page 7*

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Continued from page 6

**6. Position: Purchasing Officer**
**Department: FITS/Supply**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

Sourcing materials, spares and equipment to ensure delivery of the right quality on time to end users at the best possible total cost of ownership to the company. Undertake sourcing activities in a manner which ensures that controls are followed to mitigate key supply chain related risks.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Procurement
- Market Research
- Cost Saving
- Administration
- Administration
- Safety

| **Qualifications:** |
|---|
| Diploma or Degree in Business management or related fields. |
| **Knowledge and Experience:** |
| 1-2 Years Purchasing experience – preferably in a mining environment |
| Knowledge of Eritrea laws and customs |
| Supply Chain knowledge |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel, Word, Power point, Outlook)<br>Business Acumen, Report Writing<br>Attention to detail<br>Planning, Analysis and problem solving<br>Supply Computing programmed<br>Supply Chain procurement skill | Good interpersonal skills<br>Performance orientation<br>Ethical standards, good telephone manners<br>Communication Skill (English and local language) |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**
- **Candidate must be Physically and Medically fit.**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to.**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276**
**Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**1.Aliens Employment permits Affairs,**
**P. O. Box 7940**
**Asmara, Eritrea.**

**2.Mineral Resources Management**
**P. O. Box 272**
**Asmara, Eritrea**

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

1.4.1 ልዋም ኣማኑኤል ምስየና 1.4.2 ቤትኤል ኣማኑኤል ምስየና 2.4 ሰናይት እስቲፋኖስ 3.4 ፍናን ምሕረትኣብ 3.2 ሳዛ ምሕረትኣብ 3.3 ዳኒኤል ምሕረትኣብ 3.4 ሰናይት ምሕረትኣብ 3.5 ብርሃ ምሕረትኣብ ነ/ፍ ኣበባ መንግስትኣብ ነ/ፍ ዛይድ መንግስትእብ ወኪል ጉብረንጉስ ኣብ ልዕሌኹም ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣማኑኤል ብርሃ ጉብረሂወት፡ ተጸዋዒ ኣሕፈርም ተኪኤ ዓፋ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕ/እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲ ኣቶ ጉብረገርግሽ ቀሺ ኀይትኦም፡ ተኸሰስቲ ቁ/1.2 ሙሴ እመሃጼን 1.3 ኣቶ የሴፍ እምሃጼን 1.4 ኣቶ ጆርጆ እምሃጼን 1.5 ወ/ሮ ሜሪ እምሃጼን 1.6 ፍሬዘር እምሃጼን 1.7 ወ/ሮ ዊንታ እምሃጼን 2.2 ኣቶ መድሃኔ ኢሳቕ 3.1.1 ሉተገርግሽ እስቲፋኖስ 3 3.1.2 ትብለጽ እምሃጼን 3.3.3 ኣልማዝ እምሃጼን 3.2.1 ልኡል ወልደኣብ 3.2.2 ብርሃ ወልደኣብ 3.2.3 ማሰፍን ወልድኣብ 3.2.4 ሄለን ወልደኣብ 3.2.5 ክብሮም ወልደኣብ 3.2.6 ኣስመረት ወልደኣብ 3.2.7ቴድሮስ ወልደኣብ 4.2 ጸሃየ ጉብረልኡል 4.3 ብርሃ ጉብረልኡል 4.4 ቴድሮስ ጉብረልኡል 4.5 ሳሚኤል የውሃንስ 4.6 ንግስቲ ጉብረልኡል፣ ኣብ ልዕሌኹም ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲ ኤሽን ተኽልያ ኢሳቕ፡ ተኸሳሲ CHINA COMMUNICATIONS CONSTRUCTION COMPANY ኣካያዲ ስራሕ ሊዩ ጃን፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ መኪና ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ/32 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሰስቲ ኣቤል ሰለሙን ዘርኣይ፡ ኣቤል ሰለሙን ዘርኣይ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ ሰለሙን ዘርኣይ ቦኽረጽዮን ተተካኢ 1.1 ሳሙኤል ሰለሙን ዘርኣይ፡ 8. በረኸት ዘርኣይ ቦኽረጽዮን 9. ሙሴ ዘርኣይ ቦኽረጽዮን፣ ንምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕ/እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሰስቲ ወራ/ነፍ ኣብርሃ ሓጎስ ጸዕዳ +3 ተኸሳሲት ወረ/ነፍ ወረደሽ ኣብርሃ ሓጎስ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ማስረየምልኪ ስለ ዘለዉ፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/06/2026 7ይ መጋቢያ ዕ/እኽሊ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

በርሀ ክፍለ ዘራጽዮን፡ ኣቦይ ዘርኣጽዮን የውሃንስ ስለዝዋረሪ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃነይ ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ።

ብጽምኑት ኀይትኣም ሃይሉ ወለድና ኀይትኣም ሃይለን ሙብራት ጉሀይም ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋት ብኣዴና 6 ከኣ ብኣቦ ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኣቶ የማነ ኣስገዶም፡ ወለድና ኣስገዶም ክፍሉ፡ ሙተሙት ጉብረኪዳን፡ ማኣዛ ወልደዳዊት ስለዝዋረሩ፡ ብኣዴና 2 ዝተወለድና ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲ ኣቶ ሩፋኤል ኣባይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋሚካኤል ይማስገን፡ ብከሳሲ ሩፋኤል ኣባይ ምራጭ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/05/2026 እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲ ኣቶ ተስፋሚካኤል ሃብቱ፡ ተከሳሲ ኣቶ ተስፋሚካኤል ይማስገን ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/05/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ዓንደም ኣብርሃለይ ሓደራ፡ ምባል ተረፉ፡ ዓንደም ኣብርሃለይ ሓደራ ምራጭ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ርዚና ኣብራሃም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ክብሮም ጉብረወልዴ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲት ወ/ሮ ሄለን ካሕሳይ ሙብራህቱ፡ ተኸሳሲ፡ ጸገዘኣብ ብርሃ ዓንደሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/05/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ሰናይት ተኽለ ኣስፍሃ ምባል ተረፉ፡ መድህን ተኽለ ፍስሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሳሚኤል ከሰተ ጉብሩ፡ ናይ ብፃልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኣስመረት ተኽለ ኣርኣያ፡ ደሃይ ስለ ዘይብለይ ትጸወዓለይ ስለ ዝበለ። ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/05/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

ሳሚኤል ተኽለ ጉብረዝጊኣብሄር ምባል ተረፉ፡ ሳሚኤል ኣብዶም ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዓንደም ኪዳነ ከሊብ፡ ናይ ሓወና ወዘቢ ወሀብዩ ቀዋሚ ንብረቱ ገዛ ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ድባርዋ ዝተፈጸመ ወሀብዩ ክጸድቀልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኲላ

ጸገወይኒ ወልደጉብረኤል ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ልቺ ወልደጉብርኤል ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወረ/ነፍ/ሄር መም/ የሴፍ ተኽለ ደስታ 1. ኤልሳ የሴፍ ተኽለ 2. ኮኾብ የሴፍ ተኽለ 3. ሩታ የሴፍ ተኽለ፣ ተጸዋዕቲ ወረ/ነፍ/ሄር መም/ የሴፍ ተኽለ ደስታ 1. ሹሻን የሴፍ ተኽለ+7 ናይ ምክፍፋል ውርሻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/05/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

መሓሪ ሚካኤል ኪዳነ ምባል ተረፉ፡ መም/ ዳዊት ሚካኤል ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ -ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰሎት ከሰተ ነጋሽ ምባል ተሪፉ፡ ሰሎት ዳዊት ትኩእ ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

ዝፋን ኣለማዮ ዘወልዱ፡ ኣደይ ንግስቲ ኣልመዶም ዓንደሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ተተካእቲ ደቂ ሓወይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ትርሓስ ወልዳይ ገብረመድህን፡ ኣቦና ወልዳይ ገብረመድህን ተኸሉ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኮኮብ ሰምኣን ተወልደ ምባል ተሪፉ፡ ኮኾብ ሰምኣን ተወልደመድህን ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ናትናኤል ዑቕባሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፡ ናትናኤል ዑቕባይ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

በለጠሽ ተስፋይ ዘርኣም፡ ወደይ ኣማኑኤል ተስፋይ ዘርኣም ስለዝተሰወኦ፡ ኣነ ወላዲቱ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ኣሙተጸዮን ተስፋዝጊ ሃይለኢያሱስ፡ ብዓል ቤተይ ዳዊት ገብረሂወት ሓደራ ስለዝተሰወኦ፡ ንጓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 29/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣቶ ሓጎስ ልጃለም ተስፋሚካኤል ገብረእየሱስ ምባል ተሪፉ፡ ሓጎስ ልጃለም ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ስተል ኣድሪስ ኣደም ምባል ተሪፉ፡ ስተል ኣድሪስ ሓጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሓሰን ሓጅ መሓመድኑሩ ሳይቅ ምባል ተሪፉ፡ ሓሰን ሃጂ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣሚራ ኣድሪስ ዓሊ፡ ስም ኣደይ ሳዕድያ መሓመድ ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ሳዕድያ መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምምሕዳር ከባቢ ሰላም ብቁ/ፍቓድ ዋኒን GHI00004641 00004902 ናይ ቺክለስታን ምስ ጸ/ርእሰን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣቶ ሺሻይ ወልደኣብ ስብሃትለኣብ፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምምሕዳር /ከባቢ. ሰላም፡ ብዕለት 16/02/2026 ብ ቁ/መዝገብ 5081446 ብውህቡ ስለዝሃብኩዎ/ዋ ብስም ወሃቢ/ት ዘሸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃብቶ ተረካቢ/ት ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ማመት

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳሊ ወ/ሮ ኣልማዝ እስጢፋኖስ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሃብተም ተስፋማርያም፡ ብዘተፈጥረ ክርክር፡ 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ ብዕለት 10/04/25 ብቁ/መዝ 01/23 ዝሃቦ ትእዛዝ ምርኩስ ብምግባር፡ እዚ ኣብ ዓዲ ሓወሻ ዞን 01 ብሎክ 32 ፓርሰል ዲ ኣብ 500 ት/ሜትር ዝተደኮነ ሰለስተ ቀንዲ ክፍልን ሓንቲ ሓጋዚት ክፍልን ዝሓዘ መንበሪ ገዛ፡ ብሓራጅ ተሸይጡ በዐጽሒቶም ይወሰዱ ክብል ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ፡ እዚ ብክኢላ ማጠቃለሲ ዋጋ 281,088.00 ናቕፋ (ክልተ ሚእትን ሰማንያን ሓደን ሽሕን ሰማንያ ሸሞንተን ናቕፋ) ተገሚቱ ብሓራጅ ክሸየጥ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ'ቲ ዝቐረበ ሓራጅ ክወዳደር ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5 መዓልታት ጀሚሩ፡ ናይ'ቲ ክወዳደረሉ ዝረቖሖ መጠን ገንዘብ ብዘተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤ/ፍ ኣብ ቤ/ጽ ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወሉ ዕጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይ/ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ 03/06/2026

ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ

ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋባእያ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል።

ከምኡ'ውን ኣብ ዓዲ ሓወሻ ዞና 01 ብምኻድ ክዕዘብ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ዋና/ፈ/ፍርዲ

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳሊ ወረ/ነፍ ኣለሙ ተሰሞ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ነፍ ኣለሙ ተሰሞ፡ ብዘተፈጥረ ክርክር፡ 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ብዕለት 29/12/2017 ብቁ/መዝ 2228/17 ብዘሃቦ ትእዛዝ መሰረት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ከባቢ. ዋርድያ ፈልዩ ጎደና 135-5 ኣብ 118.00 ት/ሜትር ተደኲኑ ዝርከብ መንበሪ ገዛ 4 ቀንዲ ክፍልታት 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ቤት ፍርዲ ብሓራጅ ተሸይጡ ወረስቲ በዐጽሒቶም ይወሰዱ ክብል ስለ ዝኣዘዘ፡ ብክኢላ ማጠቃለሲ ዋጋ 103,188.33 (ሚእትን ሰለስተ ሽሕን ሚእትን ሰማንያን ሸሞንተን 33%) ናቕፋ ስለ ዝተገመተ፡ ኣብ'ቲ ዝቐረበ ሓራጅ ክወዳደር ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5 መዓልታት ጀሚሩ፡ ናይ'ቲ ክወዳደረሉ ዝረቖሖ መጠን ገንዘብ፡ ኣብ ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር። ብተወሳኺ. ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ፡ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ፦ 26/05/26

ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ

ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋባእያ ቁ/27

ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል።

ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣኽርያ ከባቢ. ኣኽርያ ዋርድያ ፈልዩ ጎደና 135-5 ክዕዘብ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ዋና/ፈ/ፍርዲ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ግደይ ገብረመድህን ታረቀ፡ ምባል ተሪፉ፡ ግደ ገብረመድህን ታረቀ፣ ስም ኣደይ መዛሌት ጸጋዮ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ሙብራሂት ገብረሂወት ገብረኣብዝጊ ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/05/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ምም/ ከባቢ. መጺሉ ዞን 1 ፕሎት 24 ፓርሰል B፣ 3 ቀንዲ ክፍሊ. 1ይ ተሓጋጋዚ. ክፍሊ. ምስ በራንዳኡ፡ ብስም ወላዲተይ ወ/ሮ መድህን በየነ ጥዑምዝጊ. ዝተመዝገበ ብህያብ ዝረኸብኩዎ፡ ናብ ስመይ ክሰግሮ ስለ ዝኾነኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኒይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ካዳስተራል ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎ. ኦርጂናል ወረቐት ጉዳዩ ክውድእ ምኳነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሆሳእና ካሕሳይ ዕቑቡ

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of **LETEMICHAEL P.L.C** on their Extraordinary General Meeting held on the 20th day of April 2026 have resolved that;

The share capital of the Company be reduced from 3,700,000.00 (Three Million Seven Hundred Thousand) Nakfa to 2,300,000.00 (Two Million Three Hundred) Nakfa by reducing the par value of each share from 3,700.00 (Three Thousand Seven Hundred) Nakfa to 2,300.00 (Two Thousand Three Hundred) Nakfa.

**LETEMICHAEL P.L.C**


## ቤት መግቢ ፒራሚድ



ይበላዕ እናበለ

ብዋናን ሼፍን ሬስቶራንት ካብ ዝዳሎ

- ዝመረጽኩሞ ሓሙሽተ ዓይነት መግቢ ዘለዎ መኣዲ ቁርሲ ሓደ ተመጋባይ ደጋጊሙ ዝምገቦ ብርትዓዊ ዋጋ
- ዝመረጽኩሞ ሓሙሽተ ዓይነት መግቢ ዘለዎ መኣዲ ምሳሕ ወይ ድራር ሓደ ተመጋባይ ደጋጊሙ ዝምገቦ ብኣዝዩ ርትዓዊ ዋጋ
- ካብ ሰሉስ ዕለት 21-04-26 ጀሚሩ ንቐደም በሉ ይብለኩም ኣሎ።

ጣዕምን መቐረትን መግብና መጺእኩም ተላለይዎ ተዓዘብዎ ካብ ሼፍ ፍስሃየ ጸጋይ

ኣድራሻና፡ጎኒ ኮርፖሬሽን ቀይሕ-ባሕሪ (09)

ቴለ፡ 07129418

ብደሓን ምጹ

# ዛዕባ ሎሚ

## ሪፈረንደም ኤርትራን ጥምዘዛ ታሪኽ ልሂቃን ኢትዮጵያን

ሰረበ እስቲፋኖስ

(6ይን መወዳእታን ክፋል)


*ከም መቕጸልታ ናይቲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብጽንጸዋያዊ ታሪኽ ኣታሊልካ ናብ ሓዊ ንምጥባሱ ብኢትዮጵያውያን ምሁራትን ፖለቲከኛታትን ዝተኻየደ ሰፊሕ ናይ ምትላል ስራሕ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ወፍሪ ጥምዘዛ ታሪኽ ካብ ዝካየደሉ ዘሎ ፍጻመ፡ እቲ ነዊሕ ዘይገበረ፡ ኣብ ዘመነ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ብድምጺ፡ ስእልን ጽሑፍን ተወሪዱ ዝተሰነደ ታሪኻዊ ፍጻመ ሪፈረንዱም 1993 እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ገለ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ንመስርሕ ሪፈረንደምን ህዝቢ ኤርትራ ዝቐረቦ ምርጫን ኣመልኪቶም ዝጸሓፍዎ ሓሶትታ ርኢና። መቕጸልታኡ ይስዕብ፦*

ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ፡ ምሁራንን ፖለቲከኛታትን፡ ነቲ ምስ ጐረባብቱ ተኸኣኢሉን ተኸባቢሩን ብሰላም ክነብር ናይ ወትሩ ድልየቱ ዝኾነ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ዘይነበረን ዘየሎን ታሪኽ ብምፍጣር፡ ምስቲ ኩሉ ግዜ ንኢትዮጵያውያን ጸጸቢቑ ዝምነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ቀጻሊ ናይ ተጻብኦ መንፈስ ንኽነብር ካብ ምድፍፋእ እንተ ዘቋረጹ፡ ፍልጠቶምን ተመክሮኦምን ትርጉም ክህልዎ ምኸኣለ።

ብሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነ ፈደረሽን ብምፍራሱ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ኣብ ትሕቲ ገባጣ ኢትዮጵያ ዝኣተወ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝተመንዘዐ መሰሉ ክመልስ ዘካየዶ ብረታዊ ቃልሲ ኮነ ብቕልጽሙ ዘምጽኦ ናጽነት ብዘይ ዝኾነ ሕቶ ሕጋዊ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ እቲ ኣርሒቑ ዝጥምት መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ ንብረታዊ ቃልሲ ብኣንጻባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ስለዘፈጸሞ፡ ብኣህጉራዊ ሕጊ እውን ናጽነት ክእውጅ ዝእግዶ ነገር ከምዘየለ እናፈለጠ፡ ሽዑ ንሽዑ ሪፈረንደም ከይገበረ ናጽነት ዘይምእዋጁ ሕጂ ተመሊስካ ክርአ እንከሎ ንህዝቢ ኤርትራ ጠቒሙዎ እዩ። ማሕበረሰብ ዓለም ዓዲሙ፡ ንተዓዛብቲ ብዘገረመ መልክዕ ናጻን ፍትሓውን ምርጫ ገይሩ ኩብቕዕ፡ ክንድ'ዚ ዝኣክል መጥቃዕቲ ዝወረዶ፡ ሪፈረንደም እንተዘይገብር ነይሩ ድኣ ሎሚ እንታይ ኮን ምተባህለ ነይሩ፤ ፈጣሪ ጥራሕ'ዩ ክፈልጦ ዝኽእል። ልቦናኡን ርሑቕ ጠመተኡን ከኣ በዚ'ዩ ዝገሃድ።

ኣብ 1993 ህዝቢ ኤርትራ ዘካየዶ ኣደናቒ መስርሕ ሪፈረንደም፡ ብዓይኑ፡ ብመንፈሱን ውጽኢቱን ኣዝዩ ፍሉይ ምንባሩን ዓለምለኻዊ ኣድናቖት ምርካቡን ዘይተቐበሉዎ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ (ኑቶም ቅኑዓት ኣይተንከፍኩን) መልክዑ ንምድዋን ላዕልን ታሕትን ምባል ኣይገደፉን ጸኒሖም፤ ዝገደፉ'ውን ኣይመስሉን። ኩሉ'ቲ ብዛዕባኡ ክጽሓፍ ዝጸንሐ እኩይ፡ ዘይሩ ዘይሩ፡ ኣብታ 'ናጽነትዶ ባርነት፧' እትብል ሓረግ ዝጠቓለል እዩ። እዚ ኮነ ኢልካ መደብ ወጺኡዎ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ 'ፕሮጀክት መቐየሮ ታሪኽ' እዚ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ጽልግልግ ታሪኽ ንክነብርን ብዝተማህዘ ታሪኽ ንክወናወንን ክህውትትን ተባሂሉ ዝተወጠነ፡ ግናይ ሓሳብ እዩ። እዚ ሓሳብ'ዚ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ምድንጋርን ምህሳይን ሓሊፉ፡ ኣብ ህዝብታት ኤርትራን ዓለምን ዕዳጋ ክረክብ ኣይክእልን'ዩ። ብሰንኪ ምሁራኑ፡ ጸሓፍቱን ፖለቲከኛታቱን ዝምህዙዎን ዝኸሕዱዎን ታሪኽ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንዓመታት ኣብ ሓድሕድ ምንቋት ጥሒሉ ይርከብ። ህዝቢ ኢትዮጵያ እምበኣር፡ ምስ ሕልናኡ መኺሩ ጥዑይ ዝሓስበን ካብ ዝጠሓሎ ዓዘቕቲ ድማ ስሒቡ ዘውጽኦን ምሁር ይደሊ ኣሎ።

እዚ ክሳዕ ሕጂ ዝተራእየ ኢትዮጵያዊ ምሁር ግን ተስፋ ዘቆርጽ




እዩ ዝመስል። ብቓላት ኣንዳርጋቸው ጽጌ (ነጻነትን የማያውቅ "ነጻ ኣውጪ" ስልጣኔ፣ ዴሞክራሲና ብልጽግና፤ የፖለቲካ ልሂቃኑ በዘመናዊት ኢትዮጵያ. 1997- ገጽ 28-29) ናይዚ ዘመን ኢትዮጵያዊ ምሁር ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፦

**"ብሓፈሻ፡ እቲ ምሁር ብረሃጽን ደምን ህዝቢ ንዝተረኸበ ፍልጠትን ጥበብን ናይ ውልቁ ዋንኑት ብምግባር ንህዝቢ ከም ዊንታኡ ንምግባር ዝመቸኦ ዕድል ፈጢሩሉ ይርከብ . . . ብኣጠማምታይ ናይቲ ምሁር በይናዊ ልዕልናን እቲ ሎሚ ህዝብና ዝርከበሉ ዘሎ ዘሕፍር ናይ ድኽነት፡ ድንቁርና፡ ጥሜትን ዕርቃንን ህይወትን ተነጻጺሎም ዘይረኣዩ ጉዳያት ምዃን ካብ ዝጅምሩ ውዒሎም ሓዲሮም'የም። ስእነት ፍትሕን ሰላምን፡ ምጭፍላቕ መሰልን ምጭቋንን'ውን ከምኡ። እዚ ምሁር ኣብ ዝወዓለሉን ዝሓደረሉን ቦታ ጉዳዩምም ዝኸይድ ጭብጦታት፣ ዝተጠልሙ መብጽዓታት፡ ሃገራዊ ውርደት፡ ህልቂት ህዝብን ምጽልማት ተስፋን ኮይናም ይርከቡ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ናይ ዝተሸኽሰሎም መወዳእታ ዘይብሎም ሽግራት ወጺ መፍትሒ ክኸውን ዝግበኦ ዝበረ እዥ ሓይሊ፡ ንባዕሉ፡ ምስ ግዜ፡ ርእሲ ኩሉ ሽግራትና ኮይኑ ተረኺቡ። ንህዝቢ ምድሓንስ ይትረፍ፡ ንገዛእ ነብሱ'ውን ከድሕን ኣይከኣለን።"**

ኣንዳርጋቸው ንኢትዮጵያዊ ምሁር፡ ንገዛእ ነብሱ ካብ ጥሜት፡ ድንቁርና፡ ሕማም፡ ውርደትን ግፍዕን ከድሕን ብዘይምኽኣሉ'ዩ ዝወቕሶ ዘሎ። ገዛእ ነብሱ ከልዕል ዘይምኽኣሉ ጥራሕ ዘይኮነ ግን፡ ታሪኽ ኢትዮጵያን ጐረባብታ ህዝብታትን ብምድዋን ነቲ ህዝቢ ኣደዳ ውሽጣዊ ሽግራትን ረጽሚ ምስ ጐረባብቱን ይገብሮ ብምህላዉ፡ ኣቶ ኣንዳርጋቸው በዚ መዳይ'ውን ዝያዳ ጸቒጡ ክዘርዝርን ክወቕሶን ይግባእ ነይሩ።

*ሪፈረንደም ኤርትራ 1993 ዝተኻየደሉ ታሪኻዊ እዋን ምስ ናይ ኣሽሓትን ኣማኢትን ታሪኻውያን ፍጻመታት ክነጻጸር ከሎ ናይ ትማሊ ዝኽሪ እዩ።* እዚ ገና ምስቲ ዝተፈጸመሉ ግዜ ዝነበረ ሃልግታኡ፡ ድምጺ፡ መቐረቱ፡ ወዘተ. ዘሎ ፍጻመ'ዚ፡ ዝወዓሉሉ ተሳተፍቲ ገና ብህይወት እናሃለዉ፡ እተን ናይ ነዊሕ ዓመታት ታሪኽና ዝጠማዘዛ ዘለዋ ብርዕታት ኣረሳሲዐናሉ ንዕዙብ ኣለና። እቶም ነዚ ናይ ቀረባ እዋን ፍጻመ፡ ዛዕባ ናይ ርሑቕ ዘመናት



ዕለት ምድማጽ - ኣብ ኣዲስ ኣበባ

ከምስሉዎ ዝጽዕሩ ዘለዉ ኣካላት፡ ማዕረ ክንደይ ተዳልየሙሉ ከም ዘለዉ ዘርኢ ክዉንነት እዩ። ብቑጽሪ ሐደት ክኾኑ ይኽእሉ'የም። እቲ ዘሕድሩዎ ጽልዋ ግን ሐደት ኣይኮነን። እንተኽኢሎም ንታሪኽና ከምዘይነበረ ክገብሩዎ፡ እንተ ዘይክኢሎም ድማ ክብርንዎ ህርዲግ ምባል ኣይገደፉን። በዚ መንጽር'ዚ፡ ንሕና ኤርትራውያን ዕዮ ገዛና ክሳብ ክንደይ ከቢድ ከም ዝኾነ ዘጽር ዓይኑ ዘፍጠጠ ሓቂ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ነቲ ናይ ቀደም ታሪኽና፡ ናይ ትማሊ፣ ነቲ ናይ ትማሊ ድማ ናይ ሎሚ ፍጻመ ክንንብሮ ዘኽእለና ብርዕና ኣብ ኢድና እዩ ዘሎ'ሞ፡ ሃየ ንበገስ።

ጸሓፊ፡ ኮሎኔል ኣስናቀ እንግዳ (ሽክም የማይከብደው ሕዝብ) ኣብ ገጽ 288 ዝጸሓፉዎ ቃላት ብምጥቃስ ክዛዘም። ከምዚ ዝስዕብ ይብሉ፦

**"... ናብቲ ሴፍ ዝተመዝዘሉ መውዓሊ ድምጺ፡ ነቑጣ ብኤርትራውኑቶም ከይዶም ምፍንጫል ናይ ኤርትራ ተቓዊሞም ባርነት ኣብ ዝተባህለት ሳጹን ነታ ካርድ ምርጫ ዘእተዉ እንተነይሮም ናይ ክቡራን ክቡር፡ ናይ ለባማት ለባም፡ ኣርሒቑም ዝጥምቱ ቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ጥራሕ ነበሩ።"**

ኮሎኔል ኣስናቀ ኣቐዲሞም ኤርትራውያን ብ 'መሳርያ ተገዲዶም' ዝበሉዎ፡ ለካ እቲ መሳርያ ሴፍ እዩ ነይሩ ዝብል'ዩ። እዞም ኮሎኔል ኣብ ሓንጎሎም ዝቐረጹዎ ዝተመዝዘ ሴፍ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ከይኣክል ቢትወደድ ኣስፍሃ ድምጾም ኣብ ዝሃቡሉ ኢትዮጵያ'ውን ካብ ሰገባኡ ተመዚዙ ነይሩ ማለት'ዩ። እሞ እቲ ሴፍ ደኣ ከመይ ኣቢሉ'ዩ ንቢትወደድ ኣስፍሃ ንበይኖም ዘየሰናበዶም፤ ብኸመይ ቢትወደድ ኣስፍሃ "ንናጽነት ኣይመርጽን'የ" ክብሉ ኣብቂዕዎም፧

እዞም ኮሎኔል፡ ንቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ብዝተፈላለየ ቅጽላት እንተ ኣማላኸዑዎም ኣየገርምን'ዩ፤ ምኽንያቱ ብመንጽር'ቲ ቢትወደድ ንኢትዮጵያ ዘወዓሉላ ውዕለት እንክረኦ፡ እቶም ቅጽላት እንተ ዘይውሐዶምዎም ኣይበዝሑዎምን እዮም። ቢትወደድ ኣስፍሃ፡ ዝበሮም ስልጣን (ካልኣይ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ) ተጠቒሞም፡ ንሕልሚ ኤርትራውያን ብምጉሳይ ንንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ከም ዊንታኦም ኢዶም ክመልሱን ፈደረሽን ንክፍርሱን ኩሉ ዝከኣል ዘበለ ካብ ዘመቻችኡ ኤርትራውያን፡ እቶም ቀንዲ እዮም ነይሮም።

እዞም ቀጽሪ ሓደ ሕብረታዊ ዝነበሩን ብንጉስ ሃይለስላሰ 'ኤርትራዊ ኢትዮጵያዊ ዘይኮንካ፡ ኢትዮጵያዊ ኤርትራዊ' ተባሂሎም ዝተጸውዑ ኣቦ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት (እንተላይ ቤተሰቦም) ኣብ ሪፈረንደም ኣይፋል ንናጽነት ከምዝድመጹ'ኳ ዝዛረቡ እንተነበሩ፡ ምርጫኦም ግን "እወ" ከምዝነበረ፡ ኣቡቲ ምስ ኣለምሰገድ ተሰፋይ፡ ብ1996 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝገበሩዎ ቃለ-መሕትት ገሊጾም ነይሮም (ኣለምሰገድ ተሰፋይ- 'ኤርትራ፡ ካብ ፈደረሽን ናብ ግብጦን ሰውራን 1956-1962' ኣስመራ. ኣሕተምቲ ሕድሪ. 2016፡ ገጽ 669)። ገለ ካብቲ ምስ ኣለምሰገድ ዝገበሩዎ ዕላል ከምዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ነበሮ፦

**ደራሲ፦** ናይ መወዳእታ ሕቶ፡ ኣብ ሪፈረንዱም "ኣይፋል" ኣድሚጽኩም ትብሃሉ ኢኹም። ነዚኣ ብኸመይ ትምልሱዋ፧

**ቢትወደድ፦** . . . ሓቂ ክዛረብ፡ ነቲ ምፍላይ፡ ብፍላይ'ቲ ናይ ቀጠባ ኣይደልዮን፡ ኣይድግፎን። ህዝቢ ኤርትራ ተቓሊሱን መስዋእቲ ከፊሉን ንዘምጽኦ ናጽነት 'ኣይግባእካን' ክብሎ ግን፡ መን ኮይነ እየ፧ ከምኡ ክብሎ ኣይክእልን።

**ደራሲ፦** እሞ ኣይፋል ኣየድመጽኩምን ማለት ድዩ፧

**ቢትወደድ፦** ነታ ወረቐት ኣብታ ትግበኣ ቦታ ኣእተየያ።

**ደራሲ፦** ኣይፋል ኣይኮነትን፧

**ቢትወደድ፦** ኣይፋል ኣይኮነትን።



# ንቕሓ ደበና

ሄለን መኸታ

## ትካላዊ ዕቤት

### ትካልና ናይ ምምሃር ስንክልና ኣሎዋ ድዩ፧

ሰብን ትካልን ብዙሕ ምምስሳል ኣሎዎም። ሰብ ይመሃር ትካል'ውን ክመሃርን ክዓብን ይኽእል። ብ1983፡ ሮያል ዳች/ሸል ዝተሰምየ መጽናዕቲ፡ ሓደ ሲሶ ካብተን ብዕቤት እቶተን ኣብ 'ፎርችን 500' ዝኣተዋ ዓበይቲ ትካላት፡ ጠፊሸን ከም ዝጠፍኣ ገሊጹ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ሸል፡ ዕምሪ እተን ዝዓበያ ትካላት ዋኒን፡ ትሕቲ 40 ዓመት ከም ዝኾነ ይገልጽ። ስለዚ፡ ትካል'ውን ልክዕ ከም ሰብ፡ ንገለ ግዜ ጸኒሑ፡ ይመውት'ዩ። እተን ዝጠፈኻ ትካላት፡ ኣብ ውሽጠን ሕማም ከም ዝነበረን ዘእንፍት ብዙሕ ምልክታት'ዩ ዝርከብ። እዚ ምልክታት'ዚ ካብ ኩሉ ሰራሕተኛን ሓላፍን ዝኽወል ኣይኮነን። ገለ ሰራሕተኛን ሓላፍን ዋላ ድኣ የለልዎ፡ እቲ ትካል፡ ሓደጋነት ናይቲ ምልክታት ብምልኣት ክርዳእ ምስ ዘይክእል ፍታሕ ንኽመጽእ ኣጸጋሚ ይገብሮ። ብኣጋኡ ክፍወስ ብዘይ ምኽኣሉ ከኣ ናብ ሞት ትካል ከምርሕ ይኽእል። ገለ ትካላትን ግን ካብ ሞት ዝኸፍአ ኰነታት'ዩ ዘጋጥመን። ትካል እንተ ሞይቱ፡ እቲ መሬታ ንኻልእ ሂብካ፡ ዓቕሚ ሰብን ካልእ ጸጋታትን ከኣ ናብ ሓድሽ ትካልን ትካላዊ ባህልን ከተሰጋግሮ ይከኣል'ዩ። ትካል ክመሃርን ክዓብን ምስ ዘይክእልከ፧ 'ዝለዓለ ደረጃ' ኢሉ ዝኣምነሉ ተራ ደረጃ ምስ ዝኸውንከ፧ ትካል ክቕጽል እምበር ክወዳደር ምስ ዘይክእልከ፧



ዕቤት ደቂ ሰብ ዘውሕስ ትምህርቲ ምኳኑ ተኣሚኑሉ፡ ብዓለም ደረጃ፡ ስርዓተ ትምህርቲ ተነዲፉ ኣብ ትግባረ ካብ ዘውዕል ኣማኢት ዓመታት ኣቑጺሩ ይርከብ። ኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ዕቤት ህይወት ሰብ ብዝግባእ ስለ ዝተገምገመ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ትካል ከም ሰብ ዝፍጠር፡ ዝዓብን ዝሞውትን እንተ ኾይኑ ትምህርትስ ኣይመድለዮንዶ፧

ትካልና ክመሃር ይኽእልዶ፧ 'ዝመሃር ትካል' ማለት እንታይ ማለት እዩ፧ ክመሃር ዘይክእልከ፧ ትካል ኣፍራይነትን ተወዳዳርነትን ንምዕባይ፤ ፍልጠት፡ ክእለት፡ ተመኩሮን ብቕዓትን ንምብራሕ ዝጥቀመሉ ኣገባብ፡ ከም መገምገሚ ረቛሒ ክንወስዶ ንኽእል። ኣብ ውሽጢ ትካል፡ ፍልጠት፡ ክእለትን ተመኩሮን ዝፍጠረሉ፡ ኣብ መዓላ ዝውዕለሉን ዝሰጋገረሉን መገዲ ምስ ዘውሕስ፡ እቲ ትካል ናይ ትምህርቲ ትካል ክንብሎ ንኽእል። ገለ ካብ ዓይነታት ትምህርቲ ኣብ ትካል፤ ፍልጠት ምርኩስ ዝገበረ ትምህርቲ፡ ክእለት መሰረት ዝገበረ ትምህርቲ፡ ትምህርቲ ትካላውነትን ናብ ባህሪ/ጠባይ ዘቖንዐ ትምህርቲን ክጥቀስ ይከኣል። ትካል ዝንደሎ ብምግምጋም ሓደ ካብዚ ዓይነታት መሪጹ ክጥቀም ይኽእል እዩ። ኣብ መስርሕ ምምሃርን ዕቤትን ዝዕንቅጽ ብድሆታት ኣለሊኻ ምፍታሕ'ውን፡ ኣብ ዕቤት ትካል እወታዊ ውጽኢት ኣሎዎ። ትካላዊ ዕቤት ክዕንቅጽ ካብ ዝኽእል ኩነታት፤

#### 1- ብዕላማ ዘይኮነ ብስምዒት ምምራሕ

ትካል ልክዕ ከም ሰብ ቅርጺ፡ ስርዓት፡ ኣካላት፡... ኣሎዎ። እዚ ኩሉ ክፋላት ከኣ ንሓደ ዕላማ ይሰርሕ። ንጹር ተራን ሓላፍነትን'ውን ኣሎዎ። ኣካላት ትካል ምስ ራኢ፡ ዕላማ፡ ክብርታትን ትጽቢታትን እቲ ትካል ተሳንዩ ክኸይድ የድሊ። እዚ ምስ ዘይከውን፡ እቲ ኣካላት ኣንጻር ጥቕሚ'ቲ ትካል ክሰርሕ ይኽእል እዩ። ጠንቂ ሞት ብርክት ዝበላ ትካላት'ውን ምስዚ ድኽመት'ዚ ዝተሓሓዝ እዩ። ነዊሕ ዓመት ዝሰርሑ፡ ብዙሕ ገንዘብ ዘውፈሩ፡ ፈለማ ፈጠርቲ እቲ ትካል፡ ዝለዓለ መዝነት ዘለዎም ...ዝበሃሉ ሰባት ብዝፈጥርዎ ጌጋ መንነት፡ ዕላማን ክብርታትን ትካል ክጠሓስ ይረአ እዩ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ውሳነታት ብዕላማ'ቲ ትካል ኣብ ክንዲ ዝቕለስ ብስምዒት ይቕለስ። እቲ ንዕላማ፡ ክብርታትን ኣገባብ ኣሰራርሓን ምሕደራን ክመሃር ዝግብኦ ሰራሕተኛ ከኣ ዝመሃሮ ትምህርትን ዝወርሶ እወታዊ ባህልን ኣይህሉን። ብኡ መንጽር ከኣ ዝነበሮ ፍልጠት፡ ክእለትን ተመኩሮን የጥፍእ።

#### 2- ጸላኢ ኣብ ማዕዶ'ዩ ዝርከብ ዝብል ኣተሓሳስባ፡

ፈለማ ትካል ካብ ውሽጡ'ዩ ክመሃር ዝግብኦ፣ ጌጋኡ ብምልላይን ብምቕባልን። እንተ ኾነ ልክዕ ከምቲ ኣብ ዓይንና ዘሎ ጉንዲ ከይራእና ኣብ ዓይኒ ካልእ ሰብ ዘሎ ገፊል ዝረኣየና፣ ኣብ ትካልና ዘሎ ገስረጥ ከየዕረና ኢና ናብ ካልእ ኢድና ነጓጥጥ። እቶም ገለ ንቕሓት ኣለና እንበሃል ከኣ ኣብ ትካልና ዘሎ ጸገም ዋላ ነለሊ፡ ነብስና ኣውጺእና፡ እቲ ጸገም ካብ ካልእ (መሳርሕቲ፡ ሓላፊ፡ ኣባላት ጉጅለ...) ከም ዝብገስ ኣምሲላ ኢና እንዛረብ። መሳርሕትና ወይ ሓለፍትና ጌጋ የብሎምን ንምባል ዘይኮነ፡ ኣብቲ መስርሕ ገምጋም፡ ነብስና ኣውጺእና ምስ እንህሉ ንሕና'ውን ካብቶም ዘጸግሙ ኣካላት እንሓይሽ ኣይኮናን ንምባል'ዩ።

#### 3- ኣብ ናይ ሓጺር ግዜ ጉዳይ ምጽማድ፡

ትካልና ድሕሪ 10 ዓመት ኣብ ከመይ ኰነታት ክትህሉ'ዩ ኢልና ንሓስብ፧ ራኢ ትካልና እንታይ እዩ፧ መዓስ ዝብጻሕ ኮይኑኸ ይስምዓና፧ ዝበዛሕና ኣብ መዓልታውን ናይ ሓጺር ግዜን ብድሆ ኢና ተጸሚድና እንርከብ። ተግባርና ኣብ ባህልን ኣፍራይነት እቲ ትካል እንታይ ኣስተዋጽኦ ወይ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣሎዎ ኣይንግምግምን። ኣብ ንኣሽቱን ናይ ሓጺር ግዜ ንጥፈታት ጥራይ ምጽማድ፡ እቲ ትካል ዘሎዎ ዓቢ ስእሊ ክንግንዘብን ስትራተጅያዊ ውሳነታትን መፍትሒታትን ንኸነተኣታቱ ክድርት ይኽእል።

ትካላዊ ዕቤት፡ ብቕርጽን ኣሰራርሓን፡ ምሕደራን መሪሕነትን፡ ትሕተ ቅርጽን ስርዓትን ናይ ትካል ይጽሎ እዩ። ይኹን እምበር ንዕቤት ሰራሕተኛታት ዝወዳደር ረቛሒ ኣይኮነን። ዕቤት ሰራሕተኛ ንኻልእ ረቛሒታት ብእወታ ብምጽላው ዝሓሸ ለውጢ ኣብ ትካልከምጽእ ይኽእል እዩ። እቲ ካልእ ረቛሒታት ኣማሊእና ድኹም ሰራሕተኛ ምስ ዝህልወና ግን ልክዕ ከም ማይ ምሕቋን እዩ። ስለዚ ዕቤት ትካልና ብዕቤት ሰራሕተኛታትና ደኣ ንፈልም። ስትራተጅያዊን ኣብ ስርዓት ዝኣተወን መስርሕ ትምህርቲን ምውርራስ ተመኩሮን ኣብ ትካልና ምስ እንተ ነተኣታዊ ከኣ ትምህርትን ምዕባልን ትካልና ከነውሕስ ንኽእል።

## ተመኩሮ መሃሪ ድዩ፧

ቀጥታዊ ተመኩሮ፡ ድልዱል መሰረት ናይ ትምህርቲ እዩ። መሰረታዊ ንጥፈታት ሰብ፤ ምብላዕ፡ ደው ምባል ብእግርኻ ምስጓም፡ ምጽሓፍ፡ ወዘተ፡ ብቐጥታ ከነተግብሮም ምስ ጀመርና ኢና እንመሃሮ። ይኹን እምበር ጽልዋ ወይ ሳዕቤን ናይ ተግባርና ኣብ ሓጺር ግዜ ዝረአን ንጹርን ምስ ዝኸውን ኢና ካብ ተመኩሮና ክንመሃር ንኽእል፣ እምበር፡ ሳዕቤን ተግባርና ኣብ ነዊሕ ግዜ ዝረአ ምስ ዝኸውን ካብ ተመኩሮና ክንመሃር ኣጸጋሚ እዩ። በዚ ምኽንያት ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ብብቕዓት እንተኣማመነሎም ኣካየድቲ ስራሕ፡ ንትካላዊ ዕቤትን ባህልን ዘዕኑ ንጥፈታትን ውሳነታትን ክወስዱ እንዕዘብ። ደራሲ መጽሓፍ 'ዘ ፊፍዝ ድስፕሊን' ፒተር ሰንገ፡ "ኩሉ ሰብ ክምሃረሉ ዝኽእል ደረት ትርኢት ኣሎ፣ ጽልዋ ንጥፈታትና ብግዜን ቦታን፡ ምሳና ቅርበት ምስ ዝህልዎ ካብ ተግባርና ክንመሃር ንኽእል ኢና። ጽልዋኡ ኪንዮ ክንመሃረሉ እንኽእል ደረት ትርኢ ምስ ዝኸውን ግን ካብ ቀጥታዊ ተመኩሮ ክንመሃር ኣይከኣልን፡" ይብል። ኩሉ ትካል ሓደ ዓይነት ንጥፈት፡ ናይ ኣማሓድራ ስርዓትን ባህልን ኣይኮነን ዘሎዎ፣ ስለዚ እንቐስሞ ፍልጠት፡ ክእለትን ናይ ባህሪ ለውጥን ክፈላለ ይኽእል እዩ። ገለ ተመኩሮታት፡ ካልኣይ ዕድል ዘይህብ ወይ'ውን እቲ ቀዳማይ ውሳነ ኣዕናዊ ጽልዋ ከጥፍእ ስለ ዝኽእል፣ ካብ ሕሉፍ ውሳነን ተግባርን ተመኩሮ ክንቀስምን ክንመሃርን ከቢድ ይገብሮ። ንኣብነት፥ ኣብ ሕክምና ተግባርናን ውሳነናን ምስ ህይወት ሰብ ዝተሓሓዝ ስለዝኾነ "ድሓን ንፈትን እሞ ካልእ እንተ ተረፈ ካብ ተመኩሮና ንመሃር፡" ክትብለሉ እትኽእል ዓይነት ስራሕ ኣይኮነን። ኣብ ኣቐዲሙ ዘይተፈተነ ቢዝነስ ወፍሪ ምክያድ፣ ብቑዓት እትብሎም ሰራሕተኛታት ምዕባይን መዘነትን ምሃብን ካልእ ውሳነታትን ጽልዋኡ ዓቢ ስለዝኾነ ካብ ተግባርና ዘይኮነ ካብ ተግባርን ተመኩሮን ካልእ ሰብ ክንመሃር ተመራጺ ይኸውን።

ዝተፈላለየ ዓይነት ስራሕ ናብ ዝተፈላለየ ተመኩሮ እዩ ዘቃልዕና። ለውጢ ዘየርኢ ትካል ወይ ስራሕ ኣሎ ክትብል ዘድፍር እንተ ዘይኮነ፡ ገለ ገለ ስራሕ ግን ተመሳሳሊ ንጥፈት ብተጋጋሚ ክትነጥፍ ይግድድ'ዩ። ገለ ከኣ ዳርጋ ነፍሲ ወከፍ ንጥፈት ናይ በይኑ መልክዕን ትምህርትን ኣሎዎ። እዚ ቀጻሊ ሓድሽ ተመኩሮ ክትቀስም ዘኽእል ዓይነት ስራሕ ብተመኩሮ ሃብታም ዝገብር'ኳ እንተ ኾነ፡ ካብ ቀጥታዊ ተግባር ክትመሃረሉ እትኽእል ዕድል ግን የውሕዶ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ውጽኢት ናይቲ ተመኩሮታት ኣብ ነዊሕ ግዜን ብዘይረአ ኣገባብን ስለዝኽሰት። ንኣብነት፡ ኣብ መድረኽ ስራሓት። መራሒ መደብ፡ ተዋሳእቲ ናይ መድረኽ ድራማ፡ ካልእ ቀጥታዊ ምርኢት ዘርእዩ ስነ ጥበባውያን ነዚ ጉዳይ ብግቡእ ይርድእዮ እዮም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መድረኽ ዘወጽኡላ ግዜ፡ ሓድሽ ተመኩሮን ዝኽርን'ዩም ዘጥርዩ። እዚ ተመኩሮታት'ዚ ተዋህሊሉ፡ ኣብ ርእሰ ተኣማማንነት፡ ምልኪ ስራሕን ምሕደራ ስምዒትን ብቕዓት ክዕቡዩ ይሕግዝ እዩ። እዚ ግን ካብ ሓድሽ ተመኩሮ ኣየድሕኖምን እዩ። ኣብ 99 መድረኻት ዝምስገን ስራሕ ሰሪሖም፡ ኣብ መበል 100 መድረኽ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ኩነታት ከጋጥምን ሓድሽ ተመኩሮ ከጥርዩን ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ምስጢር ዓወቶም ኣብ፡ ተዓጻጻፍነት፡ ምሕደራ ስምዒት፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ ንጥፈት ክትመሃር ዝኽእል ክፉት ኣእምሮን ካልእን ኣብ ምዕባይ እዩ።

## ኣብ ማይ ውዑይ ዝተተጠቕት ቊሮያብ

### ትካላዊ ባህሊ ክዓኑ እንከሎ ንምንታይ'ዩ ብኣጋኡ ዘይርድኣና፧

ቊሮያብ ኣብ ፍሉሕ ማይ እንተ ኣእቲኻያ ነጢራ'ያ ትወጽእ። ቀስ እናበለ ኣብ ዝፈልሕ ማይ ግን ክሳዕ በቲ ፍሉሕ ማይ ተጠጢቓ እትመውት ክትጸንሕ ትኽእል እያ። ኣብ ትካል'ውን ብተመሳሳሊ ብኣጋኡ ሳዕቤኑ ዝርድኣናን እንቕይሮን ጸገማት ኣሎ። ንኣብነት፥ ኣብ ዝበዝሐ ትካል ፋይናንሳዊ ክሳራ ወይ ጸገም ህጹጽ ኣቓልቦን ግብረ መልስን'ዩ ዝረክብ። ጸገም ኣብ ትካላዊ ባህሊ ግን ብቑልጡፍ ከተለልዮን ክትጽግኖን ኣሸጋሪ እዩ። ገለ ካብቲ ጠንቅታት፤

- ትካላዊ ባህሊ ቀስ ብቐስ ዝቕየር ኮይኑ ሳዕቤኑ ከኣ ኣብ ነዊሕ ግዜ ዝረአ ስለ ዝኾነ ሳዕቤኑ ብኣጋኡ ንምጋድ ኣጸጋሚ ይገብሮ።
- ንጥፈታት ትካል እምበር ትካላዊ ባህሊ እንከታተለሉን እንግምግመሉን ኣገባብ ድኹም ወይ ዘየለ ምስ ዝኸውን፡ ጸገማት ክትፈልጥን ክተዕርን ኣይትኽእልን። ፋይናንሳዊ ጸብጻብ በብግዜኡ ጸብጻብ ክካየደሉ እንከሎ፣ ንባህሊ ስራሕ፡ ስነ ምግባር፡ ማሕበራዊ ዝምድንናን ስኒትን ሰራሕተናን ግን ከም ርእይቶ ጥራይ ሸፈፍ ተባሂሉ እዩ ዝሕለፍ።
- ትካላዊ ባህሊ ምስ ኣፍራይነትን ዘሎዎ ቀጥታውን እወታውን ምትእስሳር ዝግንዘብ ኣካል ውሑድ ወይ ዘየለ ምስ ዝኸውን ከኣ ብተመሳሳሊ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣሎዎ።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቁር)

## ማራቶን ኣስመራን ፍርቂ ማራቶን ምጽዋዕን ሰርቲፊኬት ክወሃብ'ዩ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ፡ ንዓለማዊ ውድድር ማራቶን ኣስመራ ከምኡ'ውን ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ምጽዋዕ ማሰርሒ ምዕቃን ርሕቀት ኣካይዱ።

እዚ ናይ ምዕቃን ማሰርሒ፡ ክልተኦም ውድድራት ዓለማዊ መለክዒታት ዘማልአ ደረጃ ንምትሓዝ፡ ብዓለምለኻዊ ኣፍልጦ ዘለዎ፡ ዓቃኒ ራሕቂ ናይ ውድድራት (course measurer) ኖሪ ዊልያምሶን እዩ ተሰላሲሉ።

እዚ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ዓለምለኻዊ ዓቃኒ ራሕቂ ናይ ውድድራት፡ 23 ሚያዝያ ናብ ኣስመራ ብምምጻእ፡ ንማራቶን ኣስመራን ናይ ምብራቕ ኣፍሪቃ ፍርቂ ማራቶን ምጽዋዕን ዓቂኑ።

ሃገራዊ ፈደረሽ ኣትሌቲክ ኤርትራ፡ ንዕላማ ናይዚ ምዕቃን ርሕቀት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሰደደልና ሓበሬታ፡ ኣብ ዓለም ኣፍ ወከፍ ዓለምለኻዊ ውድድራት ኣተየም መለክዒ ደረጃ ዘውጉኡ'የም። እዚ ኸዓዚ ዝኣመሰለ ዓለምለኻዊ መለክዒ ደረጃ ድማ ዝም ኣብ ሃገርና ዝካየዱ ውድድራት፡ ኣብ ዓለም ርእሶም ዝኸኣሉ መለክዒ ተዋሂብዎም ዓለምለኻዊ ዕቤትን ኣፍልጦን ንኽረኽቡ ሓጊዚ ማሰርሕ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣቶ ኖሪ ብዛዕባ ዘካየዶ ምዕቃን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዓለማዊ ውድድር ኣትሌቲክስ ዒቢ ዝና ዘለዋ ሃገር ከም ምዃና መጠን፡ እዚ ተወሲዱ ዘሎ ናይ ዓለምለኻዊ ማሰርሒ ምዕቃን ንዕቤት ስፖርት ሃገረ ኤርትራ ኣዝዩ ደራኺ መድረኽ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ "ኣብ ናይ 115 ኪሎ ሜትር ርሕቀት ምጽዋዕ-ኣስመራ፡ ካብ 4 ክሳዕ 2380 ሜትሮ ልዕሊ ጽፍሒ ባሕሪ ዝድይብ ኣዝዩ ፍሉይ ብራኸ ዘለዎ ኣቀማምጣ መሬት፡ ኣዝዩ ኣገዳሲን ኣብ ብዙሕ ቦታ ዘይርከብን'ዩ" ብምባል፡ ንኣትሌቲክስ ኣዝዩ ምቹእ ስፍራ ምዃኑ ገሊጹ። ቀጺሉ፡ እዚ ብሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ተወሲዱ ዘሎ ተበግሶ ቀጻልነት፡ ምስ ዘውሕስ ኣብ ዝቐጸለ ግዜ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ብዙሓ ተሳታፍቲ ውድድራት እተአንግድ ሃገር ከም እትኸውን ዘለዎ እምነት ዒቢ ምዃኑ ገሊጹ።

ከኢላ ምዕቃን ኖሪ ዊልያምሶን ኣብ ኣስመራን ምጽዋዕን ኣርባዕተ መዓልታት ዝወሰደ ምዕቃን ርሕቀት ድሕሪ ምዝዛም፡ ኣባላት ሃገራዊ ፈደረሽን ዝርከብዎም ኣብ ዓውዲ ኣትሌቲክስ ንዝዋፈሩ ሸውዓተ ክኢላታት ኣትሌቲክስ፡ ብዛዕባ ምዕቃን ርሕቀት ናይ ውድድራት ስልጠና ሂቡ።



## ውድድራት ቸዝን ኩዕሶ ሰኪዕትን እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ተዛዚሙ

ብዝተፈላለየ ስፖርታዊ ውድድራት ንጥፈታቱ ዘሰላስል ዘሎ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ንክልተ ሰሙን ክካየዶ ዝቖየ ግጥማት ኩዕሶ ሰኪዕትን ንሓሙሽተ መዓልቲ ዝካየዶ ውድድር ቸዝን ኣብ ሜዳ መጻወቲ ደንደን ቦውሊግ ተዛዚሙ።



ኣብ ውድድር ኩዕሶ ሰኪዕት፡ እታ ንጽቡር 72-ብ58 ዝሰዓረት ባርዕ ዕውትቲ ውድድራት ኩዕሶ ሰኪዕት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብምዃን ዋንጫ ዓቲራ። ኣብዚ ናይ መዛዘሚ ጸወታ፡ ተጻዋታይ ባርዕ ሲም ዳዊት፡ 17 ሹቶታት ብምምዝጋብ ጽቡሎ ኢሉ። ሳልሳይ ደረጃ ንምሓዝ ግጥማተን ዘካየዳ ኣውገትን ኣልጌንን እየን። ኣልጌን ድማ 62-ብ42 ብምስዓር ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ። ተጻዋታይ ኣልጌን ሲም እስጢፋኖስ ኣብዚ ግጥም 34 ሹቶታት ከቖጽር እንከሎ፡ ብጠቕላላ ድማ 212 ሹቶታት ብምምዝጋቡ፡ ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሹቶ ተባሂሉ።

ብኣልተኡ ጾታ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ቸዝ ከኣ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ህያብኤል ሙሴ ካብ ዓላ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ሜላት ፍስሃየ ካብ ተውሉ ኣምና ሓሰን ካብ ኣልጌን ሰዓብቲኣ። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ደርማስ ገርማሽ ካብ ኣልጌን፡ ኣቤል ወልደሰላሴ ካብ ተውሉ ኢሳቅ ኣብርሃም ካብ ዓዲ-ርሶ ተዓዊቶምሉ።

ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ውድድራት ኩዕሶ እግርን መርበብን ሓዊሱ፡ ዝተፈላለዩ ውድድራት ኣብ ምስልሳል ይርከብ።

## ባጽዕ - ብምኽንያት መዓልቲ ሰራሕተኛታት ቅድድም ብሽክለታ ተኻዪዱ




ብምኽንያት ባሕቲ ግንቦት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ዝተወደበ፡ ተቐዳደምቲ ሰለስተ ደቒ ዝዮናትን 'ዳ ኮርሶ' ዝተሳተፍዎ ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ባጽዕ ተኻዪዱ። በዚ መሰረት፡ ተቐዳደምቲ ሳልሳይ ደቒ ዝዮን ዝተሳተፍዎ 26 ኪሎ ሜትር ዝሸፈነ ውድድር፡ ከዋኒ ጎይትኦም ቀዳማይ ዕወት ክኸውን እንከሎ፡ ማትያስ ኣብርሃምን ኣሚር መሰዑድን ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዞም። ተወዳደርቲ ካልኣይ ደቒ ዝዮን 32 ኪሎ ሜትር ክሸፍኑ እንከለው፡ ሬድዋን ሱሌማን፡ ንኤዶም ቴድሮስን ሲም ወልደጋብርን ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ። ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዝዮን 30 ኪሎ ሜትር ሸፊኖም። ሙራድ መንሱር፡ ካሊድ ዓብደለጢፍ፡ ኣሕመድ ዓሊ ድማ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ዘሎ ደረጃ ሒዞም። 39 ኪሎ ሜትር ካብ ዝሸፈኑ ተቐዳደምቲ ዳ ኮርሶ፡ ያፌት የማነ ቀዲሙ ሕንጻጽ ረጊጹ። ናትናኤል ያሬድን ፊልሞን ሰለሙንን፡ እግሪ እግሩ ብምስዓብ ውድድሮም ዛዚሞም።

እዚ ብምኽንያት መዓልቲ ሰራሕተኛታት ዝተሰላሰለ ውድድር፡ ብምውህሃድ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራን ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕርን እዩ ተኻዪዱ።


## በርንለይ ምስ ኣሰልጣኒኣ ተፈላልያ

### ማይክል ጃክሰን፡ መንበር ምስልጣን ተረኪቡ

ናብ ታሕተዋይ ዲቪዝዮን ምውራዳ ዘረጋገጸት በርንለይ፡ ብክልተኣዊ ስምምዕ ምስ ኣሰልጣኒ ስኮት ፓርከር ከም ዝተፈላለየት ገሊጻ። በዚ ኸኣ ስኮት ፓርከር፡ ኣብዚ ዓመት ካብ ጋንታኦም ካብ ዝተፈላለዩ ኣሰልጠንቲ ፕሪመር ሊግ፡ መበል 11 ኩይኑ ይርከብ።

በርንለይ፡ ንምእላይ ኣሰልጠኒኣ ኣመልኪታ ኣብ ዘውጸኣቶ መግለጺ፡ በርንለይ ድሕሪ'ቲ ብማንቸስተር ሲቲ 1-ብ0 ተሳዒራ፡ ናብ ታሕተዋይ ድቪዝዮን ምምላሳ ምርግጋጻ ዝጸሓተ ውሳነ ምዃኑ ኣፍሊጣ።

ንቪንሰንት ኮምፓኒ ተኪኡ ኣብ 2024 መንበር ምስልጣን በርንለይ ዝተረከበ ስኮት ፓርከር፡ ኣብዚ ምስ በርንለይ ዝጸንሓሉ ክልተ ዓመት፡ ታሪኻዊ ክብረ ወሰን ናይታ ክለብ ክሕዝ ብምኽኣሉ፡ ዕወት ጉዕዞ ምሕላፉ ይግለጽ።



ፓርከር፡ ኣብ 2024-25 ኣብ 31 ግጥማት ከይተሰዓረ፡ ኣብ 30 ግጥማት ከኣ ሹቶ ከይተመዝገቦ ብምውጻእ፡ ንበርንለይ ናብ ፕሪመር ሊግ ክትድይብ ዘብቅዓ ኣሰልጣኒ'ዩ።

በርንለይ፡ ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ጸንሖት ኣብ ፕሪመር ሊግ ከኣ፡ ካብታ 17 ነጥቢ ብምእካብ ኣብ ድሕሪት ተሰሪዓ ዘላ ዎልቨርስ ብሰለስተ ነጥቢ በሊጻ ምምላሳ ኣረጋጊጻ ትርከብ።

ንዓመተ ስፖርት 2026-27 ኣሰልጣኒ ዝኸውን ምድላይ ጀሚራ ከም ዘላ ዝገለጸት በርንለይ፡ ዝተን ተረፈንኣ ዘለዋ ኣርባዕተ ግጥማት፡ ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ዝነበረ ማይክል ጃክሰን ክመርሓ ወሲና ትርከብ።

ማይክል ጃክሰን፡ እዚ ሎሚ ምስ ሊድስ እተካይዶ ጸወታ ሓዊሱ፡ ኣንጻር ኣስቶን ቪላ፡ ኣርሰናልን ዎልቨርስን እተካይዶ ግጥማት መራሒዋ ናብ ሜዳ ክኣቱ'ዩ።

## ኮቢ መይኑ፡ ውዕሉ ኣናዊሑ

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንፍርያት ኣካዳሚኣ ዝኾነ ኮቢ መይኑ፡ ምስኣ ክሳዕ ሰ 2031 ዘጸንሖ ኩንትራት ብምእታው መጻኢኡ ኣውሒሳትሉ።

ወዲ 21 ዓመት እንግሊዛዊ ኮቢ መይኑ፡ ኣብ ትሕቲ ናይ ቀደም ኣሰልጣኒ ማንዩናይትድ ሩበን ኣሞሪም ቦታ ክረክብ ብዘይምኽኣሉ፡ ኣብ ክራማት ከምኡ'ውን ኣብ ወርሒ ጥሪ ብልቓሕ ናብ ናፖሊ ክኸይድ ሕቶ ኣቕሪቡ ነይሩ'ዩ። ማንቸስተር ዩናይትድ ግን፡ ክብሪ ከም ትህቦ ብምግላጽ፡ ቦታኡ ንኸውሕስ ክቃለስ ከም ዘለዎ ብምሕባር፡ ንሕቶኡ ነጺጋቶ።



ሚካኤል ካሪክ፡ ናይ ምጽዋት ዕድል ክረክብ ዝጀመረ መይኑ፡ ኣብታ ዩናይትድ 2-ብ1 ብሊድስ ዝተሳዕረትላ ግጥም ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ዘይተሰለፉ ገዲፍካ ድማ፡ ኣብ ኩሉ ግጥማት ኣብ ሜዳ ተረእዩ'ዩ። መይኑ፡ ኣብዚ ግዜ ውሽ ተጻዋታይ ማእከል ሜዳ ማንቸስተር ዩናይትድ ብምዃኑ ጋንታኡ ናብ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምምላስ ኣብ ትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ልዑል እጃም ኣብ ምብርካት ይርከብ።

መይኑ፡ ምስታ "ቤተይ" ኢሉ ዝጸውዓ ዩናይትድ፡ ንዊሕ ዓመታት ክጸንሕ ድማ ትማሊ ብርዑ ምስ ወረቐት ኣራኺቡ።

ካብ ወዲ 6 ዓመት ኣትሒዙ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝተተሓሓዘ ኮቢ መይኑ፡ ማልያ ዩናይትድ ለቢሱ ኣብ 98 ላዕለዋይ ግጥማት ተሳቲፉ ኣሎ። እታ ኣብ 2024 ኣብ መዛዘሚ ጸወታ ኤፍኤ ካፕ ዘቖጸራ መዐወቲት ሹቶ ኸኣ ስሙ ዘዕበየት'ያ።

## ብሉጻት ተጻወትቲን ኣሰልጠንትን ወርሒ ሚያዝያ

ፕሪመር ሊግ፡ ሸሞንተ ተጻወትቲን ሸውዓተ ኣሰልጠንትን ዝሓዘ፡ ስም ሕጹያት ንብሉጽ ተጻወታይን ኣሰልጣኒን ወርሒ ሚያዝያ ዘርጊሑ።

ወርሒ ሚያዝያ ንበርክት ዝበለ ክለባት ጨካን ወርሒ ኮይናያ ሓሊፉ። ኣርሰናል፡ ኣብ ናይ ዋንጫ ውድድር ሽታሕታሕ ክትብል ከላ ቸልሲ ኣሰልጣኒኣ ኣባሪራ። ክልተ ክለባት ከኣ ካብ ፕሪመር ሊግ ምስንባተን ኣፍሊጠን። ብኣንጻር ናይዘን ክለባት ድማ ንገሊኦን መጀመሪ ሰናይ ጉዕዞ ኩይናትለን።

ማንቸስተር ሲቲ፡ ኣብዘ ወርሒ ንናይ ዋንጫ ቅልስ፡ ቀድሚት መጺኣ ክትመርሖ ከላ፡ ኣሰልጣኒኣን ተጻወትታን ከኣ ምስ ሕጹያት ናይዚ ወርሒ የለን። ዌስት ሃምን ሊድስ ዩናይትድን ድማ ካብ ናይ ደረጃ ምምላስ ንምውጻእ ብዘበርኦ ጻዕሪ ኣብዚ ወርሒ ጽብሎ ኢለን።

ኣብ ስም ሕጹያት ንብሉጽ ተጻወታይ ወርሒ ሚያዝያ፡ እቲ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ኣርባዕተ ቀረብ ንሹቶ ዝበረ ሓሊቓ ጋንታ ዌስት ሃም ጃሮድ ባወን ኣብ ቅድሚት ተሰሪዑ ንረኽቦ። ብዘይካ'ዚ እቲ ክልተ ሹቶ ዘቖጸረ ኮናስቲኖስ ማርፓኖስ ካልኣይ ተጻዋታይ ዌስት ሃም ብምዃኑ ኣብዚ ዝርዝር ተኻቲቱ ኣሎ። እቲ ሰለስተ ሹቶ ዘመዝገበ ኖህ ኦካፎር ናይ ሊድስን ኣብ ሓደ ግጥም ሰለስተ ሹቶ ዘመዝገበ ሞርጋን ጊብስ ዋይት ናይ ኖቲንግሃምን ተሓጺዮም ዘለዉ'ዮም። ሲቲ፡ ብራያን ቸርኪን ኒኮ ኦረይሊን ብምስታፍ ምስ ዌስት ሃም ተመዓራርያ። ብዘይካ'ዚ፡ ፓስካል ግሮስ ናይ ብራይተን ከምኡ'ውን ኣሌክስ ስኮት ናይ ቦርንማውዝ ተኻቲቶም ኣለው።

ብመዳይ ኣሰልጠንቲ ድማ፡ ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ብኩራት ናይ ወርሒ ሉካቲት ብሉጽ ኣሰልጣኒ ዝተባሃለ ኑኖ ኣብዚ ናይ ወርሒ ሚያዝያ ሕጹያት ኣሰልጠንቲ ኣብ ቅድሚት ንረኽቦ። ናይ ሓዲጋገጽ እዋን ኣሕሊፉ ደሓን መስመር ሒዙ ዘሎ ናይ ወርሒ ኑሓሰ ዕወት ኣሰልጣኒ ዝተሰመየ ኣርነ ስሎት'ውን ኣብዚ ናይዚ ወርሒ ስሙ ተረቒሑ ዘሎ'ዩ። ብዘይካ እዚኣቶም፡ ኑኖ እስፕሪቶ ሳንቶ ናይ ዌስት ሃም፡ ዳኒኤል ፋርከ ናይ ሊድስ፡ ፋብያን ሄርዝለር ናይ ብራይተን፡ ኢራኦላ ናይ ቦርንማውዝ ከምኡ'ውን ኣሰልጣኒ ኖቲንግሃም ቪቶር ፐሬራ ሕጹያት ወርሒ ሚያዝያ ኮይኖም ንረኽቦም።

ብሉጽ ተጻዋታይን ኣሰልጣንን ወርሒ ሚያዝያ፡ ኣብቲ ዕለት 4 ግንቦት ደገፍቲ ዝሃብዎ ድምጺ ምስ ናይ ክኢላታት ተደሚሩ ክርቋሕ'ዩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ፕሪመር ሊግ

ሊድስ - በርንሊይ 10:00 ድ.ቐ

ላሊጋ

ጂሮና - ማሎርካ 10:00 ድ.ቐ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ትራምፕ፡ ቁጽሪ ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ወተሃደራቱ ከጉድሎ ምዃኑ የፈራርህ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምስ ቻንስለር ጀርመን ፍሪድሪክ መርዝ ኣብ ጉዳይ ኩናት ኢራን ድሕሪ ዘይምስምማዖ፡ ንቑጽሪ ናይቶም ኣብ ጀርመን ዓስኪሮም ዘለዉ ወተሃደራት ክኸዮ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ኣብ ጀርመን ንዝርከቡ ወተሃደራት ንምንካይ መጽናዕትታት ይካየድ ከም ዘሎን፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ከኣ ውሳነ ክመሓላለፍ ምዃኑን ኣፍሊጡ።

ኣብ 2020፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ቀዳማይ እብረ ስልጣኑ የብቕዕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ካብ'ቶም ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ጀርመን ዓስኪሮም ዝነበሩ ኣስታት 36 ሽሕ ወተሃደራት ኣመሪካ፡ ነቶም ኣስታት 12 ሽሕ ክስሕቦም መደብ ምንባሩ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

እንተኾነ፡ ንፕረዚደንት ትራምፕ ተኪኡ ናብ ስልጣን ዝደየበ ፕረዚደንት ነበር ጆ ባይደን፡ ብኩናት ዩክሬን - ሩስያ ኣመኽንዩ፡ ንቑጽሪ ናይቶም ኣብ ጀርመን ዝነበሩ ወተሃደራት ኣመሪካ መሊሱ ክብ ከም ዘበሎ ይግለጽ።

ብመሰረት ጸብጻብት፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ወተሃደራዊ መዓስከራት ጀርመን ልዕሊ 37 ሽሕ ወተሃደራት ኣመሪካ ዓስኪሮም ይርከቡ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ነቲ ብሃገሩን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝተኣወጀ ኩናት ብዘይምድጋፈን፡ ኣብ ምኽፋት መጽበብ ሆርሙዝ ብዘይምሕጋዘን ከም ዝወቐሶም ይዝከር።

ቻንስለር ጀርመን ፍሪድሪክ መርዝ፡ ኣመሪካ ብኢራን ትዋረድ ከም ዘላን ምምሕዳር ትራምፕ ድማ ኣብቲ ግጭት ንጹር ስትራተጂ ከም ዘይብሉን ዝገልጽ መደረ ንተመሃሮ ድሕሪ ምስምዑ እዩ ፕረዚደንት ትራምፕ ንቑጽሪ ወተሃደራቱ ኣብ ጀርመን ክኸዮ ምዃኑ ዘጠንቀቐ ዘሎ።

## ዋጋ ነዳዲ፡ ድሕሪ 2022 ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ወደባት ኢራን ኣጽኒዕዎ ዘሎ ዕጽዋ ከናውሕዎ ተኽእሎታት ከም ዘሎ ኣብ ዝጋወሓሉ ዘሎ እዋን፡ ዋጋ ነዳዲ ድሕሪ 2022 ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ከም ዝጸዓሐ ተሓቢሩ።



ድሕሪ ኩናት ዩክሬን - ሩስያ፡ ዋጋ ሓደ በርሚል ዘይተጻረየ ነዳዲ ሕጂ ንመጀመርያ ግዜ 126 ዶላር ከም ዝጸዓሐ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ዝሓለፈ ረቡዕ ማዕከናት ዜና ንሰበ ስልጣን ዋይት ሃውስ ብምጥቃስ ኣብ ዘርገሕኦ ሓበሬታ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ኢራን ጸቕጢ ንምፍጣር፡ ኣብ ልዕሊ ወደባት ናይታ ሃገር ጸዲቑ ዘሎ ዕጽዋ ንኣዋርሕ ክናዋሕ ትእዛዝ ከም ዝሃበ ገሊጹ።

ሰበ ስልጣን ኢራን፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሃገሮም እተካይዶ ዘላ ጸቕጢ ናይ ምፍጣር ስጉምቲ ክሳብ ዘቋረጸቶ፡ እቲ 20 ሚእታዊት ካብ ነዳዲ ዓለምና ዝሓልፈሉ መጽበብ ሆርሙዝ ክፉት ምዃኑ ኣተሓሳሲቦም ኣለዉ።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ኣብ ልዕሊ ወደባት ሃገሮም ብኣመሪካ ጸኒዑ ዘሎ ዕጽዋ ንምልዓል፡ ሃንደበታዊ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ድሉዋት ምዃኖም እውን ኣጠንቂቖም።

ኣብዚ ሰሙን እዚ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ካብ ማሕበር ሃገራት ኣፍረይቲን ለኣኽትን ነዳዲ (ኦፔክ) ክትወጽእ ምዃና ድሕሪ ምሕባራ፡ ዘይምርግጋእ ዋጋ ነዳዲ ዓለምና መሊሱ ከም ዝኸፍአ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እታ ሃገር ንዝወሰደቶ ስጉምቲ ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ነቲ እናዕበየ ዝኸይድ ዘሎ ኣህጉራዊ ጠለብ ጸዓት ኣብ ነዊሕ እዋን ንምምላእ ዝሕግዝ ምዃኑ ኣፍሊጣ።




## ፓኪስታን፡ ምስ ኢራን ዘራኽባ ጽርግያታት ከፊታቶ

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ወደባት ኢራንን ብመስመር መጽበብ ሆርሙዝ ዝሓልፋ መራኽብ ናይታ ሃገርን ድሕሪ ዘንበረቶ ዕጽዋ፡ ፓኪስታን ኣብ ወደብ ካራቺ ተዓጊቱ ዘሎ - ናብ ኢራን ክለኣኽ ዝጸበኡ ዝነበረ ኣሽሓት ኮንተይነራት ንምልኣኽ፡ ሽዱሽተ ናይ መሬት መስመራት (ጽርግያ) ከም ዝኸፈተት ተሓቢሩ።

በዚ ከኣ፡ ካብ ሳልሳይ ሃገራት ዝመጽኡ ኣቑሑት፡ ብፓኪስታን ኣቢሎም ናብ ኢራን ክለኣኹ ምዃኖም፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ኣፍሊጦም።

እቲ ተዋሂቡ ዘሎ ፍቓድ፡ ካብ ህንዲ ንዝመጽኡ ኣቕሑት ዝምልከት ከም ዘይኮነ ግና ኣነጺሮም ኣለዉ።



እቲ ሓዱሽ መግለጺ፡ ሚኒስትሪ ንግዲ ፓኪስታን፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ሸህባዝ ሸሪፍን ሓለቓ ስታፍ ሰራዊት ናይታ ሃገር ዓሲም ሙኒርን ንምዝርራብ ናብ ኢስላማባድ ኣብ ዝገበሮ ምብጻሕ እዩ ተዋሂቡ።

ሓደ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ሚኒስትሪ ንግዲ ፓኪስታን፡ እቲ ዝተወሰደ ተበግሶ፡ ዞባዊ ንግዲ ንምስፋሕ ዝዓለመ ምዃኑ ኣረዲኡ።


እቶም ንምትሕልላፍ ኮንተይነራት ተባዚሎም ተኸፊቶም ዘለዉ ሽዱሽተ ጽርግያታት፡ ንቐንዲ ወደባት ፓኪስታን ዝኾና ካራቺ፡ ቃሲምን ጓዳርን ምስ'ተን ኣብ ዶብ ኢራን ዝርከባ ጋብድን ታፍታንን ዝተባህላ ከተማታት ዘራኽባ እየን።

ኢራን፡ ከም መቕጸልታ ናይቲ ኣመሪካን እስራኤልን ብ28 ለካቲት ኣብ ልዕሊኣ ዝጀመራኦ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ፡ ብመጽበብ ሆርሙዝ ዝካየድ ዝነበረ ንግዳዊ ምንቅስቓስ ከም ዘቋረጸቶ ይዝከር።

ኣመሪካ፡ ድሕሪ ክልተ መዓልታት ናይቲ ብመንጎኛነት ፓኪስታን ዝተኻየደን ብዘይፍረ ዝተዛዘመን ቀዳማይ ዙርያ ዝርርብ ሰላም፡ ኣብ ልዕሊ ወደባት ኢራን ዕጽዋ ብምእዋጃ፡ ንሰደድ ጸዓት ናይታ ሃገር ከም ዘልመሰቶ ምንጭታት ይሕብሩ።

## ፓኪስታን፡ ሳብ ማሪናት ቻይና ትዓጥቕ

ፓኪስታን፡ ጸጥታ ገምገም ባሕራ ንምሕያል ኣብ እትጽዕረሉ ዘላ እዋን፡ ካብ ቻይና ብርክት ዝበሉ ዘመናውያን ሳብ ማሪናት ክትቅበል ምዃና፡ ላዕለዎት ሰበ



ስልጣን ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

እቲ ስጉምቲ፡ ኣካል ናይቲ ምስ ቤጂንግ ዘሎ ናይ ምክልኻል ምትሕግጋዝ ምዃኑ'የም ምንጭታት ዝገልጹ።

እተን ሳብ ማሪናት፡ መቐጸልታ ናይ'ተን ዝሓለፈ ዓመት ኣብ መንጎ ፓኪስታንን ህንድን ኣብ ዝተኻየደ ግጭት ዝተፈተና፡ ኣብ ቻይና ዝተሰርሓ 'ጄይ10ሲ' ዝዓይነተን ነፈርቲ ኩናት ምዃነን ተፈሊጡ ኣሎ።

ፓኪስታንን ቻይናን ናይ ነዊሕ እዋን መሻርኽቲ ሃገራት ኮይነን፡ ህንዲ ምስ ፓኪስታን ናብ ግጭት ድሕሪ ምእታዋ ከኣ፡ ኣብ ምክልኻል ዘለወን ምትሕብባር መሊሱ ከም ዝሓየለ ምንጭታት የረድኡ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርምሲ ሺያ ጅዳ | 1/5/26 | ጎደና ሰጋለት ቀጣን ቁ.6 (ሺያ ጅዳ) | 07138002 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | | ጎደና 173-18 ቁ.21ከባቢ ማይ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |
| ፋርማሲ ሚለንዩም | | ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ገዛ 8 ማይ ጭሆት ትሕቲ መስጊድ | 07153448 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services